
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.22 | ዓርቢ 25 መስከረም 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ምርድዳእ ምስ ግዳያት...



ገጽ 3
ስለምንታይ'ዩ ሰብ ሰርሑ...



ገጽ 4
"ኣብ ምኽስካስ ሃገራውነትን...



ገጽ 5



ስነ-ጥበብ ስእልን ቤት ትምህርቲ...

ገጽ 7
ምልክታ

# ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ መበል 81 ዋዕላ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ይሳተፍ ኣሎ




ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ዝተመርሐ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ መጋባእያታት መበል 81 ዋዕላ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ይሳተፍ ኣሎ።

ጐኒ-ጐኒ'ዚ ዋዕላ፡ ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናታትን ጽኑዕ መብጽዓ ኤርትራ ንመትከላት ቻርተር ሕቡራት ሃገራትን ኣህጉራዊ ሕግን፡ ከምኡ'ውን ኣገዳስነት ፍትሓዊ ዓለማዊ ስርዓት ዘተኰረ ርክባት የካይድ ኣሎ።

በዚ መሰረት፡ ሚኒስተር ዑስማን ብ23 መስከረም ምስ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረሽ፡ ኣብ ኣገደስቲ ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያት ተዘራሪቦም። ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ሚኒስተር ዑስማን፡ ኤርትራ - ዋና ጸሓፊ ጉተረሽ በዚ መዝነት'ዚ ኣብ ዝሰርሓለን ዓመታት ንዝሃቦ ኣገልግሎትን ምስ ኤርትራ ዘለዎ ሃናጺ ጽምዶን መጉሱ።

ንዕዙዝ ኣገዳስነት ቻርተር ሕቡራት ሃገራትን ቀንዲ ዓንድታቱን ማለት ልኡላዊ ምዕሩይነት፡ ግዝኣታዊ ሓድነት፡ ፖለቲካዊ ናጽነት፡ ዘይምትእትታው ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያትን ሰላማዊ መዕለቢ ንግጭታትን ብምጥቃስ፡ ብምግባሩ ክኽበሩ ከምዘድልዩ ኣገዚቦም።

ሚኒስተር ዑስማን፡ መርገጺ ኤርትራ ኣብ ሱዳን፡ ምስ ጥምረቲ ልኡላውነታ ዝዓቀበትን ርግእትን ሱዳን ከምዝሽኑ፡ ከምኡ'ውን ብዞባውን ኣህጉራውን ኣልያታት ንዝድገፍ - ሱዳናውያን ዝውንንዎን ጸንባሪን ፖለቲካዊ መስርሕ ከምእትድግፍ ኣነጺሮም።

ኣብ ምዕባለታት ዝሰፍሐ ዞባ ብቐንዱ ድማ ጸጥታ ቀይሕ ባሕርን ባብ-ኤልመንደብን ኣብ ዝገበርዎ ዘተ፡ ሚኒስተር ዑስማን፡ ኤርትራ ልኡላውነትን ሕጋዊ ረብሓታትን መዳውብቲ ሃገራት ቀይሕ ባሕሪ ዘኽብር፡ ውሑስ ባሕራዊ ምንቅስቓስን ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝን ከምእትድግፍ፡ ንዋና ጸሓፊ ኣንቶንዮ ጉተረሽ ኣረጋጊጾሙሉ።

ብተወሳኺ፡ ሰልፊ ብልጽግና ኣንጻር ልኡላውነት ጎረባብቲ ሃገራት ንዝገብሮ ዘሎ ቅሉዕ ጥሕሰት መሰረታዊ መትከላት ቻርተር ሕቡራት ሃገራትን ኣህጉራዊ ሕግን፡ ከምኡ'ውን ንተኸታታሊ ተግባራቱ ዝምልከት መብርሂ ሂቦም።

ኤርትራ፡ ምኽትላት ፕረዚደንት መበል 81 ዋዕላ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ክኾና ካብ ዝተመርጻ ሃገራት ምኻና ዝዝከር ኮይኑ፡ ቀዋሚት ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ወ/ሮ ሶፊያ ተስፋማርያም፡ ብ23 መስከረም ንዝተኻየደ መጋባእያ መሪሓ።

# ዓመታዊ ኣኼባ ህግደፍ ጨንፈር ጀርመን ተኻዪዱ

ዓመታዊ ኣኼባ ህግደፍ ጨንፈር ጀርመን፡ ብ19 መስከረም ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ተኻዪዱ።

ኣቦ-መንበር ጨንፈር ኣቶ የውሃንስ መብራህቱ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ዕላማ - ንዝተዓመ ንጥፈታት ብዕምቈት ገምጊምካ፡ ንዝበለጸ ወጽኢት - ኣብ ናይ መጻኢ ውጥን ስራሕ ምዝታይ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ የውሃንስ ወልዱ ብወገኑ፡ ኣብ ምውዳብን ምሕያል ውዳበታትን፡ ምብራኽ ንቕሓት ኣባላትን ምዕዛዝ ተራ ዜጋታት ኣብ ሃገራዊ ውዳበታትን ዝተሰላሰለ መደባት ብዕቱብ ተገምጊሙ፡ ብድሆታት ብንጹር ተለልዮም ፍታሕ ክናደየሎም ኣዘኻኺሩ።

ኣቶ የውሃንስ ኣስዒቡ፡ ኣብ ምዕዋት ፕሮጀክት ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ኣፋምቦ ንዝተራእየ ተሳትፎን ኣበርክቶን ድሕሪ ምምጓስ፡ ተራ ህግደፍ ጨንፈር ጀርመን ዕዙዝ ከምዝነበረ ገሊጹ።

ተጋባእቲ፡ ብ20 ንኡስ ጨናፍር ኣብ ዝቐረበ ጸብጻባት ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ እናወርጸጸ ዝመጽእ ዘሎ ውዳበን ጥምረትን ኣብ ተግባራውነት ዝውጠን መደባት ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ዝያዳ ኣብ ምሕያል ኤርትራዊ መንነትን ሃገራውነትን ብምትኳር ክሰርሑ ኣብ ምርድዳእ በጺሖም።

ኣብ መጨረሽታ ድማ፡ ንትግባረ ናይ መጻኢ ውጥን ስራሕ ዝሕግዝ ለበዋታት ኣቕሪቦም።

ብኻልእ ወገን፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኩዌት ኣቶ ሑመድ ያሕያ ሓሊ፡ ብ18 መስከረም ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርን ዞባዊ ምዕባለታትን ዘተኰረ ሰሚናር ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ብርኽት ዝበሉ ዜጋታት ዝተሳተፍዎ ሰሚናር፡ ኣቶ ሑመድ፡ ንማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ቁጠባዊ ኩነታትን ዘሎ ብድሆታትን ንምቕላሉ ዝውሰድ ዘሎ ስጉምቲታትን፡ ከምኡ'ውን ዲፕሎማሲያዊ ንጥፈታትን ገስጋሱን ዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ቺካጎ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ብምኽንያት ዝኸሪ መበል 45 ዓመት ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰላም ኣብ ዝተወደበ ጽንብል ምንብልባል ሰንደቕ፡ ባንዴራ ሃገሮም ጐኒ-ጐኒ ልዕሊ 200 ባንዴራታት ሰቒሎም ከምዝጸንበሉ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምርድዳእ ምስ ግዳያት ሕማም ረሲዕ

ሕማም ረሲዕ፡ መብዛሕ/ መረዳድኢ ኣጉባብ ናይቲ ግዳይ ቀስ ብቐስ እናዳኸመ ስለ ዝኸይድ፡ ንምእላዩ ኣዝዩ ዓቕልን ተጻዋርነትን ዝሓትት ስራሕ እዩ። ኣብ ርእሲኡ ቅልጡፍ ናይ ምርዳእን ምስምዓን ዓቕሚ ክህልወካ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ካብ ንእስነትካ ድሌታትካ እናማልአ ዘዐበየካ ኣቦ ወይ ዘዕበየትካ ኣደ፡ ሕጂ ሕማም ረሲዕ ስለ ዘጥቕዖ ዓቕሊ ስኢንካ ክትረዳድኦ ዘይምኽኣልካ፡ ድኽመትካ ምኳኑ ምእማን የድሊ።

ምስ ግዳያት ሕማም ረሲዕ ክትረዳዳእ እንተደኣ፡ “ናብ ናቶም ዓለም ክትኣቱ ኣለካ” እዩም ዝብሉ መብዛሕትኦም ክኢላታት። ምስ ግዳይ ሕማም ረሲዕ ምርድዳእ ዓቕሊ፡ ህድኣት፡ ጥንቃቐ፡ ስርዓት ወዘተ ዝሓትት ሜላ እዩ። ኣቓዲምካ ደረጃን ክብደትን ናይቲ ሕማም ምፍላጥ'ውን ኣገዳሲ እዩ።
ሕማም ረሲዕ ዘለዎ ሰብ፦

• ክዛረብ እንከሎ ቓሉ ቃል ኣብ ምርካብ፡
• ትርጉም ናይ ቃል ብንጹር ኣብ ምፍላጥ፡
• ነዊሕ ዝርርብ ምስ እትገብር ዓቕሊ ጌሩ ኣብ ምድማጽን ኣብ ምምላስን፡
• መኣርዕ ሓሳቡ፡ ብግቡእ ኣብ ምዝቋርን ኣብ ምጥማርን ወዘተ ዝኣመሰሉ ነጥብታት ክሽገር ዝብር እዩ።

ሕማም ረሲዕ ዘለዎ ሰብ፡ ኣቐዲሙ ክጥቀመሎም ዝጸንሐ ቋንቋታት ክተሓናፈጾ ዝብር እዩ። እቲ ቋንቋ፡ መፋጥርቱ ዘይኮነ ድሒሩ ዝጸንሖ ምስ ዝኸውን፡ ምሉእ ብምሉእ ከጥፍኦ/ ክርስዖ ይኽእል እዩ። ሓደ ትግርኛ ዝማበቆሉ ሽማግለ፡ ብትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝ ክመልኽ እንተጸኒሑ፡ ኣብ ደረጃ ሕማም ረሲዕ ምስ ኣተወ ነቲ ናይ ባዕዲ ቋንቋ ረሲዑ ነቲ ናይ ኣደ ቋንቋኡ ጥራይ ክሕዝ ይኽእል እዩ።

### ብኸመይ ንዘራረብ

ግዳይ ሕማም ረሲዕ ምስ ዝኾነ ሰብ ክትዘራረብ/ ክትረዳዳእ እንከለኻ ዓቕሊ ከም ዝሓትት ክትግንዘብ ይግባእ። ምስኡ ክትዘራረብ እንከለኻ፡ ብግቡእ ክትረዳዳእ እንተደኣ ፈለማ ክትገብሮም ዘለዉኻ ነጥብታት ድማ ኣለዉ።

• እቲ ግዳይ ኣደኻ ሂብካ ትሰምዖ ከም ዘለኻ ምእንቲ ክፈልጥ፡ ናይ ዓይኒ ምርኻኣይ ክህልወካ ኣለዎ። ብስሙ ወላዲኻ ምስ ዝኸውን ድማ በቲ ዝግብኦ ክብሪ እናጸዋዕካ ትሰምዖ ከም ዘለኻ ክተረጋግጸሉ ይግባእ።

• ንዕኡ ኣብ እተርእዮ ምልክታት ገጽ፡ ዓቓንን ቃናን ደምጺ፡ ናይ ኢድ ምልክታት ወዘተ ኣብ ዝኣመሰሉ ናይ ዝርርብ ምልክታት ግቡእ ጥንቃቐ ክትገብር ኣለካ። ሓሪቕካ፡ ተቖጢዕካ ወይ ሰልኪዩካ መሲሉ ክትቀርቦ የብልካን።

• እቲ ግዳይ ደሓን ክረዳድኣካ ዝኽእል ምስ ዝኸውን፡ እቲ ትገብርዎ ዝርርብ፡ ንኻልእ ሰብ ዘየሳትፍ ክልተኣዊ ክኸውን ዝበለጸ እዩ።
• ድሌታቱ ንምርካብ፡ ምስቲ ግዳይ ነጻ ኴንካ ናይ ዕላል መድረኽ ክትከፍት ይግባእ።

• ኣብ መንጎ ዘሕርቕ ዝርርብ ከይፍጠር ጥንቃቐ ክትገብር ኣሎካ። እቲ ግዳይ ምስ ዝሓርቕ'ውን ንምህድኡ ከይተሓለልካ ክትጽዕር ይግባእ።

• እቲ ግዳይ ናይ ዝርርብ ግብረ-መልሲ ክህብ ምስ ዝደሊ ምሉእ ግዜን ዕድልን ክትህቦ ተመሪጺ እዩ።
• ነቲ ግዳይ ከም ህጻን ኣምሲልካ ወይ ድምጺ ናይ ህጻን እናገበርካ ክትዛረቦ ኣይትፈትን። ክብሪ ትህቦ ዘለኻ ኮይኑ ክስምዖ ስለ ዘይክእል።

• ከም ምድራዝ ኢድ፡ ምሕኳኽ ርእሲ ወዘተ ዝኣመሰሉ ካልእ መረዳድኢ ኣገባብ ተጠቒምካ፡ ምስቲ ግዳይ ምዝርራብ ምሉእ ኣደህባን ፍቕርን ክህልዎ ዝገብር እዩ።
ምስ ግዳይ ሕማም ረሲዕ ክትረዳዳእ እንከለኻ፡ ከም 'እወ' ወይ 'ናእ' ዝኣመሰሉ ሓጺር መልሲ ዘለዎም ሕቶታት ክትጥቀም እዩ ዝግባእ። እቲ እተቕርቦ ሕቶ ነቲ ግዳይ ምድንጻር ምስ ዝፈጥረሉ፡ ብኻልእ ኣገባብ ፍሸሽ ብዝበሉ ቃላት ነቲ ሕቶ ደጊምካ ክተቕርቦ ይክኣል እዩ።

### ገለ ኣብነት ንምጥቃስ

- “ንድራር እንታይ ዓይነት መግቢ ኩዳልወልዩ” ኣብ ክንዲ ምባል፡ “ንድራር ዓሳ ወይ ደርሆ ክሰርሓልካ ትደሊ ዶ?”
- “ከምኡ ጌርካ ኣይተሓን ዝሰራሕ” ኣብ ክንዲ ምባል፡ “ብኸምዚ ክትሰርሖ ዘይትፍትኖ”፡
- “ጠሚኻ ዲኻ” ኣብ ክንዲ ምባል፡ “በስሉ እዩ ይቕርበልካ ኣለኹ” ክትብል ይግባእ።

### ክትእርሞ ኣይትፈትን

እቲ ግዳይ እናዕለለካ እንከሎ፡ ሓቅነት ዘይብሉ ዘረባታት የስምዓካ እንተሎ፡ ክትእርሞ ወይ ናይ ዘይምስምማዕ ምልክት ከተርእዮ የብልካን። ንሱ'ም እቲ ክብሪ ዝጸንሖ ኩሉ ክረኣዮም ጸገሙ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንኣብነት ኣዴኻ ካብ እትሞርፍ 25 ዓመታት ኣቑጺራ'ኳ ትኸውን ነቲ ግዳይ ግና፡ ብንምህሮኡ ክትርእዮ ስለ ዝጸንሐት ከም ዘላ ጌሩ ክዕልለካ ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ እቲ ዝበለካ ኩሉ ከምዘለዎ ክትቅበሎ ምፍታን፡ ኣብ መንጎ ክልቴኹም ግቡእ ምርድዳእ ክህሉ ሓጊዙ እዩ።

ክንላቶ ዘይብልና፡ “መን እዩ ሽመይ፤ ትዝክረኒ ዶ?”



እዚ ዓይነት ሕቶ ነቲ ኣብ ከቢድ ጭንቀትን ናይ ምዝካር ድኽመትን ዘሎ ግዳይ ዓቢ ፈተና እዩ። ወለዱ ተባሂልካ ክዘክረካ ምስ ዘይክእል፡ ወይ ክዘክረካ ብዙሕ ክጋደል ምስ እትዕዘብ ኣብኻ ዝፈጥሮ ስምዒት'ውን ከቢድ እዩ። ስለዚ፡ ካብ ከምዚ ዓይነት ሕቶታት ምቑጣብ ኣገዳሲ እዩ።

### ብዛዕባ ሕማም ረሲዕ ክንፈልጦ ዝግብኣና ሓቅታት

ሕማም ረሲዕ፡ ናብ ጽላለ ክምዕብል ዝኽእል ኣብ ሓንጎል ዝርኣ ጥዕናዊ ጸገም እዩ። ጽላለ (dementia) ሰፊሕ ኣገላልጻ ሕማም ኣእምሮ ኮይኑ፡ ኣብ ሓንጎል ብዝጋጥም መጉዳእቲ ወይ ሕማም ንናይ ምዝካር፡ ምሕሳብ ከምኡ'ውን ንናይ ምምዛዝን ጠባዩን ዓቕሚ ብኣሉታ ዝጸሉ ጸገም ኣእምሮ እዩ። እዚ ጸገም'ዚ፡ ኣብቲ ዕለታዊ ንጥፈታትና ካልዩዶ ስርሓት ወይ ምንቅስቓስ ብኣሉታ ዝጸሉ እዩ።
ኣብ ሕማም ረሲዕ ዘተኮሩ ጥዕናዊ መጽናዕትታት ከም ዘጽርዎ፡ ሕማም ረሲዕ ካብ 60 ክሳብ 80 ናይ ኣእምሮ ጸገም ሃልዩዎም ናብ ሕክምና ንዘቖርቡ ግዳያት ይጸልዉ። መብዛሕትኡ ጸገማት ሕማም ረሲዕ፡ ካብ 65 ዓመት ዕድመ ንላዕሊ እዩ ዝርአ።

ሕማም ረሲዕ ክሓዊ ዝኽእል'ኳ እንተዘይኮነ፡ ኣብ ክንዲ ብቐልጡፍ ዘገም ኢሉ ከም ዝምዕብል ዝገብር ግቡእ ፍወሳ ግና ኣለዎ።

### ጠንቂ

ሕማም ረሲዕ ፍሉጥ ዝኾነ ጠንቂ ከም ዘይብሉ እዩም ክኢላታት ዝገልጹ። ናብ ሕማም ረሲዕ ከቃልዑ ዝኽእሉ ረቛሒት ከም ዘለዉ ግና የመልክቱ።
ዕድመ፦ መብዛሕትኦም ሕማም ረሲዕ ዘማዕብሉ ሰባት ዕድሜኦም 65 ዓመት ወይ ልዕሊኡ እዮም።
ስድራቤታዊ ድሕረ ባይታ፦ ሕማም ረሲዕ ካብ ዘማዕበለ ስድራ ምስ እትውለድ በቲ ሕማም'ቲ ክትጥቃዕ ዘሎካ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

ተወርሶ፦ ገለ ካብ ስድራኻ እትወርሶም ጂን (gene) ምስ ሕማም ረሲዕ ምትእስሳር ኣለዎም።
ሓደ ወይ ልዕሊኡ ካብዞም ልዒሎም ዝተጠቕሱ ረቛሒት ኣሎካ ማለት ሕማም ረሲዕ ክተማዕብል ኢኻ ማለት ግና ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ እቲ ሕማም ንኽተማዕብል ዘሎካ ተኽእሎ የዛይዶ እዩ ማለት እዩ።

### ሕማም ረሲዕን ተወርሶን

ዛጊት ብንጹር ዝተለለየ ጠንቂ ሕማም ረሲዕ ከም ዘየለ እዩ ዝግለጽ። ኣብቲ ሕማም ምሉእ ኣደኻሮ ብምግባር ሓያሎ መጽናዕትታት ዘካየዱ ዘለዉ ክኢላታት ግና ተወርሶ ተራ ከም ዘለዎ ኣይሓብኡን ዘለዉ። ንኣየም 'ኣፖሊፖፕሮቲን ኢ' (Apolipoprotein E) ዝተባህለ ጅን ምስ ዕድመ ምስ ዝርአ ሕማም ረሲዕ ምትእስሳር ከም ዘለዎ እዮም ዝገልጹ።

ኣብ ደም ዝዝውር መርመራ ከም ዘጽርዎ፡ እዚ ዓይነት ጅን ዘለዎም ሰባት ሕማም ረሲዕ ክማዕብሉ ዘለዎም ተኽእሎ ዝለዓለ ኮይኑ ተረኺቡ። ኩሎም 'ኣፖሊፖፕሮቲን ኢ' ጅን ዘለዎም ሰባት ሕማም ረሲዕ የማዕብሉ ማለት ግና ኣይኮነን። በንጻሩ ኩሎም 'ኣፖሊፖፕሮቲን ኢ' ጅን ዘይብሎም ሰባት ሕማም ረሲዕ ኣየማዕብሉን እዮም ማለት ድማ ኣይኮነን።

### ምልክታት ሕማም ረሲዕ

ዝኾነ ሰብ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ናይ ምርሳዕ ደረጃታት የርኢ እዩ። ሕማም ረሲዕ ዘለዎም ሰባት ግና ዘይልሙድ እናማዕበለ ዝኸይድ ናይ ምርሳዕን ካልእ ዘይልሙድ ጠባያትን እዮም ዘርእዩ። እቲ ዘርእይዎ ጠባያት ድማ ምስ ግዜ እናዓበየ እዩ ዝኸይድ። ገለ ካብቲ ዘርእይዎ ምልክታት፦
• ብሰንኪ ምጉዳል ናይ ምዝካር ዓቕሚ ኣብ ዕለታዊ ናብራ ዝርአ ጸገማት። ንኣብነት ቆጸራ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ምጉዳል።
• ኣብ ስራሕ ናይ ገዛ ምድንጋር ምፍጣር። ንኣብነት፡ እቶን ብግቡእ ዘይምጥቃም። ኣብ መግቢ ልዕሊ ዓቕን ብዘደጋግሚ ጨው ወይ ካልእ ቀመማት ምውሳኽ።

• ነገራት/ ጸገማት ንምፍታሕ ዘርእይዎ ክብደትን ዓቕሊ ጸበትን።
• ሓሳቡ ኣብ ምጥጻን ምጽሓፍን ጸገማት/ ሽግራት ምርኣይ።
• ኣብ ኣተሓሕዛ ኣቕሓዊ ጽሬት ጉድለት ምርኣይ።
• ኣብ ኣደህባን ምስትውዓልን ጉድለት ምርኣይ።
• ካብ ኣዕሩኽ ስድራን ሕብረተሰብን ምርሓቕ።
• ድኻም ሓዊሽ ሓበሬታ ምሓዝ።
• ዝሓለፈ ፍጻመ ይኹን ኣቐዲሙ ዝበረ ኣጋጣሚ ዘይምዝካር።
• ምድንጋር ወይ ኣንፈት ምስሓት።

### ደረጃታት ሕማም ረሲዕ

ሕማም ረሲዕ ቀስ ብቐስ እናማዕበለ ዝኸይድ ኣእምሮኣዊ ጸገም ብምዃኑ ዝተፈላለዩ ደረጃታት እዩ ዘለዎ።
ደረጃ 1፦ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ዝርአ ንጹር ምልክት ናይ ሕማም ረሲዕ የልቦን።
ደረጃ 2፦ ኣብዚ እቲ ናይ ፈለማ ምልክታት እዩ ዝርአ - ንኣብነት ምርሳዕ/ ምዝንጋዕ።

ደረጃ 3፦ ቀለልቲ ዝኾኑ ኣካላውን ኣእምሮኣውን መጉዳእቲ ክርአ ይጅምር። ምጉዳል ዝኽረትን ናይ ምድህሃብ ዓቕምን ይርአ። እዚ ለውጢ'ዚ ምስቲ ግዳይ ጥቡቕ ቅርበት ብዘለዎ ሰብ ጥራሕ እዩ ክልለ ዝኽእል።

ደረጃ 4፦ ሕማም ረሲዕ ኣብዚ ደረጃ'ዚ'ውን እተኾነ ብቐሊሉ ከተለልዮ ኣይከኣልን እዩ። ዝኽረት ምጉዳልን ዕለታዊ ንጥፈታት ብኣግባቡ ዘይምክያድን ገለ ካብቲ እቲ ግዳይ ዘርእዮም ምልክታት እዮም። ዝኣም ምልክታት እዚኣም ብቐረባ ምስቲ ግዳይ ዘሎ ሰብ ጥራይ እዩ ከስተብህሎም ዝኽእል።

ደረጃ 5፦ ኣብዚ ደረጃ'ዚ እቲ ግዳይ ኣብ ዕለታዊ ናብርኡ ደገጅኡ ዝሓለወ ሓገዝ ዘድልዮ እዩ።

ደረጃ 6፦ እቲ ብሕማም ረሲዕ ተጠቒዑ ዘሎ ግዳይ ግቡእ ሓገዝ ኣብ ዘድልዮ ደረጃ እዩ ዘሎ። ካልኦት ሰባት መግቢ ክበልዕምን ክዓኑ ክሉበስሉን ዘበጽሕ ደረጃ እዩ።
ደረጃ 7፦ እዚ እቲ ኣዝዩ ተኣፋፊ ደረጃ እዩ። ኣብዚ ደረጃ'ዚ እቲ ግዳይ ናይ ምዝራብ ዓቕምን ብምልክት ናይ ምርዳእ ዓቕምን ከቡድል ይኽእል።

ቅድሚ ንብር ዕድመ ዝርአ ሕማም ረሲዕ
ሕማም ረሲዕ ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት እዩ ዘጥቅዕ። ኣብ ገለ ሰባት ግና ኣብ 40'ታት ወይ 50'ታት ዕድመ ይረአ እዩ። እዚ ቅልጡፉ ቅድሚ ንብር ዕድመ ዝርኡ ሕማም ረሲዕ ተባሂሉ ይግለጽ። እዚ ዓይነት ሕማም ረሲዕ ኣብ 5 ሚእታዊት ግዳያት ናይቲ ሕማም የጋጥም።
ቅድሚ ንብር ዕድመ ዝርአ ሕማም ረሲዕ ምልክታቱ ምጉዳል ዝኽረት፡ ጸገም ኣደህባ፡ ዕለታዊ ንጥፈታት ናይ ምውዳእ ጸገማት ዝኣመሰሉ እዮም። ነገራት ናይ ምግላጽን ምርዳእን ድኽመት'ውን የርእዩ እዮም።

### ፍወሳ ንሕማም ረሲዕ

ሕማም ረሲዕ ንፍዋስ ብክኢላታት ሕክምና ዝወሃብ ግቡእ ክንክንን መድሃኒትን ኣሎ። ብተወሳኺ ኣብ ኩነታት ኣነባብራ ለውጢን ኣደህባን ብምክያድ ነቲ ጸገም ንምቅላሉ ከም ዝከኣል እዩ ዝነገር። ግዳይን ኣላይኡን ነቲ ጸገም ንምፍኳስ ክኢላታት ዝሃብዎም ምኽሪ፦

- ኣብ ዕዮ ወይ ስራሕ ከም ዝሕጸር/ ዘድህብ ምግባር፡
- ምድንጋራት ምእላይ፡
- ካብ ምትህልላኽ ምቑጣብ፡
- መዓልታዊ እኹል ዕረፍቲ ምርካብ፡
- ህዱእ ምኳን ወዘተ እዮም።

### ኩነታት ኣነባብራ

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ዓቕሚ ኣእምሮ ክብ ኣብ ዘብሉ ከም መጻሕፍቲ ምንባብ፡ ግድላት ምፍታሕ፡ መሳርሒ መዚቃ ምጽዋት ወዘተ ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ኣብ ምክያድ ዝተጸምዱ ሰባት ብሕማም ረሲዕ ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ዝተሓተ እዩ።

### ኣመጋግባ

ናይ ባሕሪ መግብታት ምምጋብ ዘዘውትሩ ሰባት ብሕማም ረሲዕ ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ዝተሓተ እዩ። ብስዕቡ፡ ዝሾቐበ መግብታት ምምጋብ ዘዘውትሩ ሰባት ብሕማም ረሲዕ ብቐሊሉ ተጠቃዕቲ ምዃኖም'ውን መጽናዕትታት የመልክቱ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ቅንጣትን ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ስለምንታይ'ዩ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ቁጽጽር ክግበረሉ ዝድለ ዘሎ፧

ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ሓደገኛነት ሰብ ሰርሖ ብልሒ ኣዝዩ ኣሻቓሊ ጉዳይ እዩ ኮይኑ ዘሎ። እዚ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣዝዩ እናተራቐቐ ዝኸይድ ዘሎ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ፡ እንተ ደኣ በቲ ዝድለ ኣገባብ ኣብ መዓላ ዘይውዒሉ፡ ብደረጃ ዓለም ከውርዶ ዝኽእል ሃሰያ ኣቕሊልካ ዝረአ ከም ዘይኮነ እዮም ክኢላታት ብተደጋጋሚ ዝመኽሩ ዘለዉ። ብመሰረት ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሊቃውንቲ ዘካየድዎ መጽናዕትታት፡ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ብኸምዚ ዘለዎ ምዕባለ እንተ ደኣ ቀጺሉ፡ ኣብ ዝመጽእ ዕቑድ (10 ዓመታት) ንኹሉ ስራሓት ወዲ ሰብ ባዕሉ ብምዕያይ፡ ንሂወት ደቂ ሰብ ኣብ ሓደጋ ከውድቖ ይኽእል እዩ። በዚ እዩን ከኣ ሃገራት ዓለም ኣብ ኣጠቓቕማኡን ኣመዓባብላኡን ዝድርት ሕጊ ክወጽእ ጻውዒት ዘቕርባ ዘለዋ።

ከምዚ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተዓዘብናዮ፡ ሰብ ሰርሖ ብልሒ፡ ብዘይ ህላወ ሰባት ባዕሉ ስጉምትታት ክወስድ ተራእዩ እዩ። እዚ ማለት፡ ብዘይ ትእዛዝ ናይ ሰብ ባዕሉ ኣብ ዝተፈላለዩ ዌብሳይታት (መርበባት ሓበሬታ) ብምእታው፡ ሓበሬታ ክሰርስር ተረኺቡ እዩ። በዚ ከኣ፡ እዚ ዘመንና ዘማዕበሎ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ፡ ድሕሪ ገለ እዋናት፡ ማለት እቲ ምዕባለ ኣብ ገለ ደረጃ ምስ በጽሐ፡ ብዘይ ትእዛዝ ናይ ወዲ ሰብ ብክልሰ ሓሳብ ተመሪሑ፡ ኣንጻር ድሌታት ሰባት'ውን ክጐዓዝ ይኽእል እዩ። እዚ ኩሉ ዝተጠቕሰ ሓደጋታት እምበኣር፡ ኣማዕበልቲ ናይዚ ሰብ ሰርሖ ብልሒ፡ ወይ'ውን ተጠቀምቲ፡ ስርዓት ኣገባብ መቈጻጸሪኡ ምስ ዝፈሽሎም እዩ ክስዕብ ዝኽእል።

እዞም ኣብ መጻኢ ብርእሰ ተኣማንነት ኑብሶም ክኢሎም ንኹሉ ስርሓት ባዕሎም ክቈጻጸርዎ ይኽእሉ እዮም ዝበሃሉ ዘለዉ ሰብ ሰርሖም ብልሕታት እዮም እምበኣር፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ከቢድ ሸቕሎት ፈጢሮም ዝርከቡ ዘለዉ።

ኣብ ኣዝዩ ሓጺር እዋን ብናህሪ ዝምዕብል ዘሎ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ፡ ኣብ ምጥቃን ሰባት'ውን ተዋፊሩ ከም ዘሎ እዩ ዝንገር። እዚ ሰባት ብዘይገበርዎ፡ ልክዕነት ዘለዎ ዝመስል ናይ ሓሶት ስእሊ ብምዝርጋሕ፡ ኣብ ሂወት ሓያሎ ሰባት ከቢድ ኣእምሮኣዊ ነውጺ ፈጢሩ'ዩ ዘሎ። ስለዚ፡ ቅልጡፍ መቈጻጸሪ ሕጊ ክግበረሉ ናይ ግድን እዩ ማለት'ዩ።



በዚ ምኽንያት እዩን እምበኣር ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳን ካልኦት 20 ሃገራትን፡ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር ወዲ ሰብ ንክኸውን፡ ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝ ክህሉ ጻውዒት ዘቕርባ ዘለዋ። ሰብ ሰርሖ ብልሒ፡ ምስ ኣህጉራዊ ሕጊ ተሰማማዒ ብዘገምታ ክምዕብልን ኣብ ትሕቲ ክትትል ሰባት ድማ ሚእቲ ሚእታዊት ክሰርሕን ኣለዎ ዝብል እዩ ካብ ሓያሎ ክኢላታት ጠለብ ዝቐርብ ዘሎ። እዚ ክኸውን እንተ ኾይኑ ግን፡ ሓደ ተቘጻጻሪ ኣካል ክቐውም ኣለዎ ማለት'ዩ።


ከም ዝፍለጥ፡ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ጎድናዊ ሳዕቤን ጥራሕ ኣይኮነን ዘለዎ። እንታይ ደኣ፡ ንዓለምና ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክሰቕሉዋ ንዝኽእሉ ምዕባለታት ኣብ ሓጺር ግዜ ክዓምም ዝኽእል ዓቕሚን ሓይልን'ውን ኣለዎ። ንቑጠባ ዓለም ብዕጽፍታት ከዕቢ ኣብ ዝኽእል ዕዮታት ብብቕዓት ክሳተፍ ዝኽእሎ ሓያል ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ኣእምሮን ካልእን እውን ኣለዎ። ይኹን'ምበር፡ እዞም ዝተገልጹ ብልጫታት በቲ ዝድለ ኣገባብ ኣብ ጥቕሚ ምስ ዘይውዕሉ፡ ጎኒ ጎኒ ሓገዞም ኣሉታዊ ጎድኖም'ውን ከቢድ ዋጋ ከኽፍል ይኽእል እዩ።

ሓያሎ ወገናት ማሕበረሰብ ዓለም፡ ኣብ ጉዳይ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ዘለዎም ድሌት ንጹር እዩ። ንሱ ከኣ፡ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፡ ንተጠቀምቲ ዝከታተል ሓደ ኣህጉራዊ መቈጻጸሪ ትካል ምምስራት እዩ። ብመሰረት ዝተፈላለዩ ጸብጻባት፡ ነዚ ውጥን ተግባራዊ ንምግባር፡ ኣህጉራዊ ትካል ሲቪል ኣቬሸንን ኣህጉራዊ ትካል ኣቶማዊ ጸዓትን ከም ኣብነት ተወሲዶም ኣለዉ። እዞም ክልተ ኣህጉራውያን ትካላት፡ ምቊጽጻር ንኽገብሩ፡ ዝኾነ ሓደጋ ከየጋጥም መጽናዕትታት ንኽካይዱ፡ ከምኡ'ውን ሰባት ኣብ ሓደጋ ንኸይኣትዉ ሓለዋ ንኽገብሩ ተባሂሎም እዮም ተመስሪቶም። በዚ ከኣ፡ ብደረጃ ዓለም ሓባራዊ ዝኾነ ስራሕ እናካየዱ ክሳብ ሕጂ ሓደጋታት ንምንካይ ይሰርሑ ኣለዉ። ኣብ ጉዳይ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ'ውን ከምዚ ዝበለ ስጉምቲ ንምውሳድ እዩ ተደልዩ ዘሎ። ዝኾነ ብርቂ ምዕባለ ናብ ሂወት ደቂ ሰብ ክመጽእ እንከሎ፡ ናይ ግድን እዩ ንኣጠቓቕማኡ ዝምልከት ሕጊ ምስኡ ሒዙ ክመጽእ ዘለዎ። ምኽንያቱ፡ ሂወት ወዲ ሰብ እቲ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስራዕ፡ መወዳድርቲ ዘይብሉ እዩ። እዚ ምስ ዘይከውን ግን፡ እቲ ቀዳማይ ግዳይ፡ እቲ ንስርሑ ከቃላጥፈሉን ከቃልለሉን ተባሂሉ ዝተሰርሓሉ ወዲ ሰብ ባዕሉ ይኸውን ኣሎ ማለት እዩ።

ኣብ ዝሓለፉ እዋናት፡ ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ንጥቕምታት ሰብ ሰርሖ ብልሒ ዝምልከት መግለጺታት ኣውጺኡ ነይሩ። ብተወሳኺ፡ ንዓበይቲ ትካላት ሃገሩ'ውን ብደረጃ ዓለም ንምዕባለ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ይመርሓ ምህላወን ብምግላጽ መጕሱወን ነይሩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ፡ ንዘይግቡእ ኣጠቓቕማኡን ሓደገኛነቱን ኣመልኪቱ መግለጺ ከስምዕን፡ ሕግታት ክወጽኦ ዝጠልብ ሓባራዊ ጻውዒት ከቕርብን ትጽቢት ተገይሩሉ ኣሎ።

ብደረጃ ዓለም፡ ተጠቃምነት ሰብ ሰርሖ ብልሒ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ እዩ በጺሑ ዝርከብ። ካብተን ዓመታዊ ልዕሊ 1 ቢልዮን ዶላር ኣታዊ ዝረኽባ ዓበይቲ ትካላት፡ እተን ልዕሊ 40 ሚእታዊት ብመንገዲ ሰብ ሰርሖ ብልሒ እየን ኩሉ ናይ መስመር ኢንተርነት ኣገልግሎተን ዝህባ ዘለዋ። እዚ ማለት፡ ወሰንቲ ኣመሓላለፍቲ መልእኽቲ፡ እዞም ምዕቡላት መሳርሒታት እዮም። ኣብዘን ትካላት፡ ተጠቃምነት እዚ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክነጻጸር እንከሎ፡ እቲ መጠን ብኣስታት 27 ሚእታዊት ዓብዩ ኣሎ - ብመሰረት ጸብጻባት። በዚ ከኣ፡ ኣብ'ዘን ዝመጻ ሒደት ዓመታት፡ መጠን ሽቕለት ኣልቦነት ደቂ ሰባት ብደረጃ ዓለም ናብ ከመይ ዝበለ ደረጃ ክዓርግ ከም ዝኽእል ብቐሊሉ ክግመት ይከኣል እዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ብሰንኪ'ዚ ዝተገልጸ ምዕባለ፡ መጠን ሸቕለት ኣልቦነት ብገለ ሚእታዊት ወሲኹ ይርከብ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ብዝተገብረ መጽናዕቲ፡ ካብ'ቶም ብደቂ ሰብ ዝዕየዩ ዝተፈላለዩ ዕዮታት፡ እቶም 47 ሚእታዊት ኣብ ሓደጋ ወዲቖም ምህላዎም ተፈሊጡ ኣሎ። እዚ ማለት፡ ኣብ ዝመጽእ እዋን፡ ኣስታት ፍርቂ ዕዮታት ናይታ ሃገር፡ በተን ሰብ ብዘሰርሖ ብልሒ ዝዓጠቓ ምዕቡላት ማሽናት ክዕመም እዩ ማለት'ዩ።

ካብ 2016 ክሳብ 2020 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ ልዕሊ 30 ሃገራት ንተጠቃምነት ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ዝምልከት ስትራተጂ ኣውጺኣን ነይረን እየን። እዘን ብርክት ዝበላ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ፡ ቻይና፡ ህንዲ፡ ካናዳ፡ ስዑዲ ዓረብ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ማውሪሸስ ዝርከባአን ሃገራት፡ ኣብቲ ሽዑ እዋን፡ ንኣጠቓቕማ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ዝምልከት ነናተን ዘቤታዊ መምርሒታት ኣውጺኣን ምንባረን ይንገር። ኣብ ሰነ 2020 ድማ፡ ንኣርተፊሻላዊ ብልሒ ዝምልከት ካልእ ኣህጉራዊ ስትራተጂ ክቐውም ክኢሉ ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ዝቖመ ስትራተጂ፡ ንገለ ድሩት ዝኾነ ስራሓት ደኣ'ምበር፡ ንኹሉ ዕማማት ሰብ ሰርሖ ብልሕን ሓደስቲ ምዕባለታትን ዝቆጻጸር ኣይኮነን ነይሩ።



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳምያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፌ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መበል 50 ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰውራ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳምያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ |
| 19:20 | እትመት |
| 18:30 | ዜና ትግረ |
| 19:00 | ገሉብ ደሓን |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ሳዉን |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ቃለ - መሕትት

ኣብርሃም ዘርኣ (ወዲ-ሃለቃ)

## “ኣብ ምኹስኳስ ሃገራውነትን ሓድነትን መንእሰያት፡ ተራ ሳዋ ቀሊል ኣይኮነን” ሌ/ኮ ተመስገን ሳሚኤል

ስእሊ - ኣብርሃም በየነ

ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፥ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ሕታምና፡ ብዛዕባ ንጥፈታት መዓስከር ሳዋን መንእሰያታን ኣመልኪትና ብዝኸታታሊ ምስ ምኽትል ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሌ/ኮ ተመስገን ሳሚኤል (ወዲ-መምህር) ከም ዘዋገዕና ይዝከር። ንሎሚ ድማ 3ይ ክፋል ደስዑ ሰናይ ንባብ።

**-ግዳማዊ ሓይልታትን ኣሳሰይቶምን ከይሓፈሩ ዓው ኢሎም ዝዛረቡሉ ንሓድነትን ሰላምን ህዝቢ ኤርትራ ከም ቀንዲ ጸላእቶም ብምሕሳብ፡ ንህላውነት ሳዋን ሓድነት ህዝቢ ኤርትራን ብቐጻሊ ናይ ጸለመ ዘመተታትን ተጻብኦታትን ከካይዱ ይረኣዩ እዮም’ሞ፡ እንታይ ምላሽ ምሃብኩሉ፧**

ዚ ጽላለ’ዚ፡ ኣነ’ኳ ዝስዕቦ የለን እየ ዝብል። ምኽንያቱ ፈትዮም ኣይኮኑን። ንግዲ እዩ። ክድረሩ ከኣ ኣለዎም፡ ብምንታይ ደኣ ክነብሩ። እቲ ከምኡ ምግባል ንዕኦም ቢዝነስ እዩ። ከምኡ እንተዘይ ኢሎም ምንጪ ኣታዊ የብሎምን። እዚኦም ልኡኻት እዮም። ንባዕልኻ ኣብ ህዝብኻ ሓልዮት ዘይብልካ ሓላዪ ተመሲልካ ትቐርብ። ከም’ቲ ኣቦታት ዝምስልዎ እዩ “ወኻርያስ ጻድቕ ክትመስል . . .” እዩ ነገሩ። ናይ ገለኡ ቅንኢ ክኸውን ይኽእል’ዩ እየ ዝብል። “ኣብዚ ደረጃ እዚዶ በጺሖም” ዝብል ሓሳብ እዩ። ንሕና ኣብ ግራቶም ኣይከድናን፡ ኣብ መረቦም ኣይከድናን። ክትሕይል ስለዘይደልዩኻ፡ ብከፍሊት “ንዑ ከምዚ በሉ ኢልካ” ሰባት ትውድብ፡ እቲ ምስጢር ካልእ ኣይኮነን እዚ እዩ። “ዘለን ዘየለን ወረታት ኣምጺእና ዘይነዐንቅፎምን ዘይንቕጽዮምን፡ ካልእ መልክዕ ዘይንትሕዞም ኑቲ መንእሰይ’ውን ዘይንጸልዎ” ዝብል እዩ። እዚ ግን ብላሽ ኮይኑ ተሪፉ። እቲ ኣብ’ዚ ቦታዚ ዝፈሪ ኤርትራዊ ንቑሕ ስለዝኾነ፡ ንኽዛርን ዝመጽእ ንፋሳት ኣጥዕዩ እዩ ዝፈልጦ። ኤርትራዊ ዋላ ካብዚ ሃገር ወጺኡ ኣብ ደገ ኣምባሳደር ሃገሩ እዩ። ብኸሉ ፈቲኖሞ ምኳን ኣብዩዎም እዩ። ዋላ ቦታ ቀይሩ እዩ ዝቃለስ። እዚ እቲ ናይ ብሉፂ ምስሊ ኤርትራዊ፡ እቲ ሃገራውነት ኣብ ቦታኡ ኣሎ። ዋላ ከምኡ እንተበሉ ዘምጽእዎ የለን። እቲ መንእሰይ ሃገራውነቱ ዘጠራጥር የለን፡ ዓቂቡዎ ይገዓዝ ኣሎ። ሓደ ኤርትራዊ፡ “ኣነ ሳዋ ከይከድኩ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከይቋረጽ” ኢሉ ዝሓስብ እንተደኣ ኮይኑ፡ እዚ’ውን ናይዚ ሃገር ጽቡቕ ዘይደልዩ ናይ ደገ ሓይልታት ምስ ዕስብቶም ዝብልዎ ብኣንጻሩ እዩ። እዚ ኣብ ሓንጎል ኤርትራዊ መንእሰይ ዝኣቱ ኣይኮነን ቦታ የብሉን። እምበር “ተወዲኦም እዮም፡ ኣብ’ታ ሃገር መንእሰይ ዝበሃል የለን” . . . ብዙሕ ተባሂሉ እኮ እዩ። እሞ እዚ ኣብ’ዚ ኣብ ስተጅ ሳዋ ዝርእይዎ ኤርትራዊ ደኣ “ካበይ መጺኡ” ኢሎም ይሓስቡ። ንሱዶ ኣይኮነን እቲ ኤርትራዊ ዝብልዎ ዘለዉ ኣካል። እቲ መንእሰይ ኣዚታት ስለዝሸቕሓሉ ብብኣዋኑ እቲ ተኣታፍነትን ብዘሒን ኣብ መኣዲ ትምህርትን ሃገራዊ ኣገልግሎትን’ውን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ይኸይድ ኣሎ። እዚ ከኣ ውጽኢት ንቕሓትን ፍልጠትን ናይ’ቲ መንእሰይ እዩ። እምበር ቡቲ ናይ ዝጠፈሹ ሓሳብ ዝጽሎ እንተዝኸውን ነይሩ እቲ መንእሰይ፡ ናብዚ መኣዲ ሃገራውነት ኣይምተኣትፈን። ዚ መዝሙር’ዚ ዋላ ሓደ ኤርትራዊ ዝሰምዖ የለን። ብዛዕባ’ዚ፡ ኣብዚ ሃገር’ዚ ቅንጣብ ዘሰክፍ የለን። እዚ ዓዲ’ዚ እኮ ብደም ሰማእታት ዝቖመ ክቡርን ሕፉርን ዓዲ እዩ። ሕጂ ኣነ እንታይ ኮይኑ ደስመዓኒ ይመስለካ፡ ከም’ቲ ህበይ ንወይኒ ምርካብ ምስ ሰኣነትሲ “ዘይመጺጽ እዩ” ዝበለቶ እዩ። ናይ ሃልኪ ዘመተ እዩ። ከም’ቲ ዝተባህልዎ ‘ዓዲ ወዓሉ’ ከኣ ጽቡቕ መልሲ እዩ። እምበር ንሃገሩ ድሕሪት ክመልስ ዝሓስብ ሃገሩ ዘጸልም፡ ኣሕሊፉ ዝሁብ ዋላ ሓደ ኤርትራዊ የለን። ዋላ ኤርትራዊ ኣብ ደገ ከይዱ ሰሪሑ ንኣብሱ ንዓዱ ንህዝቡን ዝሓስብ ብሉጽ ሰብ እዩ ዘለዋ እዛ ሃገር። ዕድለኛ ኢያ። እዚ ከኣ ውጽኢት ባህሊ ናይቲ ሕብረተሰብናን ጻዕሪ ናይቲ መንግስትን እዩ። ብዓብኡ ከኣ ኣብርኽቶ ናይ ሳዋ እዩ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ኢና ማለተይ።



ስእሊ_ሙሴ_ኪዳነ

**- ኣበርክቶ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ካብ 1994 ክሳብ እዚ ዘለናዮ እዋን ምስ ኩሉ ዕድላቱን ብድሆታቱን ኣብ ኩሉ ዝተኻየደ ንጥፈታት እንታይ ከም ዝመስል ክትገልጸልና፧**

ብዛዕባ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣበርክቶኡ ዕድላቱን ብድሆታቱን ክንዛረብ እንተደኣ ኮይንና፡ ካብ’ቲ ሓሳብ እዩ ዝጀመረ፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ክምስረት እንከሎ ወይ ክሕሰብ እንከሎ፡ ክሳብ ክንደይ እቲ ራእን ዕላማን ናይቲ መንግስቲ ኣርሒቑ ይጥምት ነይሩ እዩ ዘርእየካ። ትዝክሮ እንተደኣ ኮይንካ፡ ቴማ መበል 25 ዓመት ምምስራት ብሩራዊ እየብልዩ መዓስከር ሳዋ፡ “ሳዋ፡ ዕቱብ ምርጫ ንውሑስ መጻኢ” እዩ ዝብል። ሳዋ እንተደኣ ኢልካ ከኣ፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ማለት እዩ። ስለዚ ንመጻኢት ኤርትራ እቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዕቱብ ምርጫ እዩ ነይሩ። ብሓፈሻ ከኣ ንህላውነት ናይ’ቲ ሃገር ንምውሓስ ዝተወሰደ ተበግሶ ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ኣብ’ዚ መዓስከር ሰልጢኑ ዘሎ መንእሰይ ናይዚ ሃገር መዳርግቲ የብሉን። ኣብ ኩሉ መዳይ ተዋፊሩ ዝተብሮ ዘሎ ኣበርክቶ ከኣ፡ ብቐለሉ ዝግመት ኣይኮነን። ኣብ ትምህርታውን ልምዓታውን ህንጻውን ምምሕዳራውን፡ ኣብ ምክልኻልን ጸጥታውን ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ ጽላታትን ቦታታትን ዝሰርሕ ዘሎ መንእሰይ፡ ሳዋ ዘፍረየቶ እዩ። ኩሉ ብሓቂዱ ናይ ሳዋ ዝሓለፈ እዩ። ስለ’ዚ እቲ ተራ ናይ ሳዋ ደማሪኻ ደማምሪኻ፡ ኣርቢሕካ እተደኣ ርኢኻዮ ዘለቦ ዕማም እዩ ክብሎ እኽእል። ኣብ ዝርዝር ከይኣተና ኩሉ ኣብ’ዚ ሃገር ዝዋበር ዕማማት ውጽኢት ናይ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት እዩ። ኣባል ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘይሳተፈሉ ኢዱ ዘዋንበረላ ንጥፈት የላን። በዚ፡ ምስሊ ደረጃ’ዚ ክረአ ይክኣል እዩ እቲ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ኤርትራ።



ስእሊ-ኣብርሃም በየነ

**- መንእሰያትና ምስ ሃገሮም ዘለዎም ሌላን ኣፍልጦን ካብ መዓስ እዩ ዝጅምር፧**

ብሓፈሻ ኣብ ትምህርቲ ዝመሃሮዎን ገለ ከኣ ዕድል ናይ ዑደት ረኺቦም ኣደናቒቲ ዝኾኑ ቦታታት ሃገሮም ይፈልጡ እዮም። ብዓብኡ ግን መንእሰያትና ሃገራዊ ግቡኦምን ናይ 12 ክፍሊ ኣካዳምያዊ ትምህርቶምን ንምዝዛም፡ ካብ ነፍሲ-ወከፍ ዝመበቑወን ዞባታት ናብ ሳዋ ኣብ ዝወርዱሉ እዋን፡ ብዙሓት ቦታታት እናሰንጠቑ ክወርዱ እንከለው፡ “እዛ ዓዲ፡ ከተማ . . መን ትብሃል” እናበሉ እዮም ዝኸዱ። ከም ኣብነት ካብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝተበገሰ መንእሰይ፡ ክንደይ ዓድታት እናረገጸ እዩ ዝወርድ እንተደኣ ኢልካ፡ ማእለያ የብለንን። “እዚኣ ዓዲ መን እያ“ ክብሃል እንከሎ፡ እቶም ዝፈልጡ ዛንታን ታሪኽን ናይተን ዓድታት እናነገሩ እንተደኣ መጺኦም፡ ካብታ ዝተበገሰላ ክሳብ ምዕራብ ኤርትራ ዝበጽሕ ንሃገሩ እናተላለየ እዩ ዝመጽእ። ናብዚ ክመጽእ እንከሎ፡ ኣብ



ሓንቲ መሳርዕ ወይ ጋንታ እንተደኣ ርኢና፡ ካብ ዝተፈላለ ብሄራትን ዞባታትን ኣብ ሓደ ኣለው። ኣብዚ ዝጥረ ፍቕርን ሓድነትን ሓይልን ጥምረትን ብቐሊል ዝረአ ኣይኮነን። ኣብ ንቕሓትን ሃገራውነትን ናይቲ መንእሰይ ዝጻወቶ ዘሎ ተራ ቀሊል ኣይኮነን።

**- ወዲ መምህር፡ ኣብ ዕላልኻ፡ ተመሃሮ ሳዋ ኣብታ ፈለማ እግሮም ኣብ ሳዋ ኣብ ዘንበሩላ እታ ዓባይ ንቕሓት ሽዓ እያ ትጅምርን ዘጥርዩዋን ኢልካ ነይርካ’ሞ፡ ከመይ ማለትካ እዩ፧**

ብልክዕ ኣብዞን ናይ ፈለማ ደቓይቕ ኣብ ሳዋ እትው ምስ በሉ፡ እታ ንቕሓት ሽዓ ንሽዓ እያ ትጅምር። እቶም ኣብኡ ዝጸንሑ ኣሕዋቶም ካብ መኪና ምስ ወረዱ ንብረቶም ተሰኪሞም ናብታ ዝጽሕፍቶም ሓይሎም ክወስድዎም እንከለው፡ ኣብኡ ብዛዕባ ሳዋ ኣካይዳኡ፡ ናብራኡ፡ ታሪኽ ናይ’ታ ዝጽሐፉቶም ኣሃዱ ከዕልሉ ኣምስዮም ንጽባሒቱ ከኣ ኑቶም ኣብ ቅርዓት ሳዋ ዝሓገዩ መንእሰያት ንብረቶም ተሰኪሞም ክብጽሕዎም እንከለው፡ ካብዚ ዝዓቢ ሓድነትን ንቕሓትን የለን። እዚኣ እታ መሰረታዊት መንደቕ ናይ’ቲ ነዊሕ ጉዕዞ ሂወት ናይ ሳዋ እያ። ሽዓ እያ እታ ፍቕሪ ትጅመር። ስለዚ ኣብ ሓድነት ናይ መንእሰያት ተራ ሳዋ ቀሊል ኣይኮነን። ከዕልለካ፡ ካብዚ ንዝኣም ምስ ኣፋነናዮም ሓደ ወዲ ዞባ ማእከል እንተደኣ ኮይኑ፡ ናብ ገዛኡ ሓሙሽተ ሽዱሽተ ደቂ ሓይሉ ሒዚዎም እዩ ዝኸይድ። ንስድራኡ “እዚኦም ደቂ ሓይለይ እዮም” ኢሉ እዩ ዘላልዮም። ከም ኣብኡ ሓደ ወዲ ዓሰብ ምስ ወዲ ባረንቱ ይኸይድ፡ ሓደ ወዲ ናቕፋ ምስ ወዲ ዓዲኳላ ይኸይድ....። ሓደ ካብ ዓዲ እንግሊዝ ዝመጽአ መንእሰይ ነይሩ፡ እቲ ቁልዓ ቀንዲ ዓርኩ ወዲ ዓፋር እዩ ነይሩ። እዚ ክትርእዮ እንከለኻ፡ ኣብኦም መንእሰያት ዝጥረ ንቕሓትን ስኡ-ፍልጠትን ሰላምን ሃገራውነትን ዓቢ እዩ። እዚ ከኣ ሃገርካን ሕብረተሰብካን ኣብ ምፍላጥ፡ ሃገራውነት ኣብ ምጥራይ፡ ሓድነት ኣብ ምኹስኳስ፡ ኣብ ምስታፍ ልምዓታዊ መደባት ብዓብኡ ከኣ፡ ሃገር ኣብ ምድሓንን ኣብ ምውሓስን ተራ ሳዋን ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ቀሊል ኣይኮነን።

**ይቕጽል . . .**

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ስነ-ጥበብ ስእልን ቤት ትምህርቲ ሰውራን

### 2ይን መወዳእታን ክፋል

ሱ-ጥበበኛ ሃይለምካኤል ዕቑበ፡ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይ'ዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ንኸኣታት ኣሰላልፋኡ፡ ምጅንር ምስ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዘርዎ ዝጀንሖ ከኣታት ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ሰውራን፡ ምጅንር ናብ ክሱብ ሱ-ጥበበ ስእልን ሽዑ ብዝዕባ ዝነበረ ኣውዳድባ፡ ከኣታት ምዝላቕ ምስ ኣርከበ'ውን ኣብ መስርሕ ምዝላቕ፡ ክሳብ ፈልከት ዝኣተዉ ብዝዕባ ዘጋጠመ ብደሆታት ጉዕዞ ተሪኹ ነይሩ።

ኣብ ፈልከት ምስ በጽሐ፡ ኣብ ትሕቲ ብሰማይን መሬትን ዝተኸሰተ ናይ ጸላኢ ተጻብኦን ባህሪ ዝፈጠሮ ብደሆታትን፡ ተመሃሮ ንምእላይን ንምዕንጋልን ብዘወፈይኦትን ምትዕጽጻፍን ዝተቓለሰ ኣሊዮቲ ተጋደልቲ ዘሎዎ ጦብላሕታን ኣድናቖትን'ውን ኣብሪሁልና ነይሩ።

እቲ ኻልእ ንሃይለምካኤል ኣብ ጉዕዞ ምዝላቕ ተምኣጥ ዘሕደረሉ ተርእዮታት፡ ካብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ናብ ቅድመ ግንባር ከቲቶም ካብ ዝኸዱ ተመሃሮን ኣቦላትን ተወጊኦም ናብ ሕክምና ፈልከት መጺኦም ከም ዘለዉ ምስ ፈለጠ፡ ንሱን ብጾቱን ካብ መሳርያም መሊቖም ብምፍላይ፡ ልቦም ክትከስ ክሳብ ዝደልዩ እናተወንጨፉ ናብ ሕክምና ብምኻድ ረኺቡዎም። ሓደ ካብቶም ተበጺሖቲ ውጉኣት ተጋዳላይ ክፍሎም እዩ ነይሩ።

ክፍሎም፡ ቅድሚ ከቲቱ ናብ ግንባር ምኻዱ፡ ቀትሪ ይምህርዎም ለይቲ ድማ ኣብ ቦታ ሓለዋ ብሬን እንግሊዝ ሒዙ ክሕሉዎም ዝሓድር ዝነበረ ኣዝዩ ግዱስ ተጋዳላይ እዩ። ኣብ ሕክምና ፈልከት ግን፡ መልማስቲ ዘኽተለ ከቢድ ማህረምቲ ኣጋጢሙዎ ጸኒሑ። ክፍሎም፡ ክዝረብ ይኽእል ስለ ዘይነበረ፡ ንኸሉቶም ኣእዳዎም እናጨበጠ ክብርትዑ ከም ዘሎዎም የመልክተሎም ነይሩ። ክፍሎም ቀጺሉ፡ ናብ ሓንቲ ከም'ኡ ኣብ ግንባር ተወጊኣ ኣብቲ ሕክምና ደቂሳ ዝነበረት ኣላይት ናይቶም ተመሃሮ ዝነበረት ብጻይቱ ብምምልካት፡ ክርእዩዋ ንበዓል ሃይለምካኤል ሓቢርዎም።

ሃይለምካኤልን ብጾቱን ድማ ናብታ ውግእቲ ተጋዳሊት ብምኻድ ኣብ ዘርያ መደቀሲኣ ከቢቦም ብድንጋጸ ሰላም ኢሎምዋ። እታ ተጋዳሊት ከኣ፡ ጠባይ ናይቶም ተመሃሮ ስለ እትርድኦ፡ "ሓደራኹም ጉዳይ ትምህርትኹም ጥራይ ግበሩ ... " እናበለት ማዕዳኣ ለጊሳትሎም። ቀጺሎም ንሓደ ብሕማም ተወዚዑ ትምህርቶም ጠንጢኖም፡ ኣብ ቅድመ ግንባር ተሰሊፎም ኣንጻር ጸላኢ ንኽዋግኡ ብሓደ ወሰኖም መሊቖም ናብ ሓይልታት ካብ ዝኸዱ -ውግእ ፈተውራሪ ረኺቦም፡ ኣዕለሉዎም። ንሱ'ውን ከምታ እታ ኣላይት ተመሃሮ ነበር ዝነበሮ ስበዋ እዩ ኣመሓላሊፉ፡ "እዛ ንሕና ዝነበርናያ ከይትደግሙዋ፣ ሰጥ ኢልኩም ተመሃሩ" ብምባል ምዒዱ ኣፋንዩዎም።







ወርሓዊት መጽሔት ትግርኛን ትግረን
ቤትትምህርቲ ሰውራ

መቐጸልታ ናይቲ ዛንታ፡ ብቓላት ሃይለምካኤል ዕቑበን ብጾቱን ነቕርበልኩም፡ ብቓዳምነት ሃይለምካኤል፥

ኣብ ጉዕዞ ምዝላቕ፡ ብፍላይ ጸላኢ ንመስመር ግራት ቀድሚ ምቍራጹ፡ ተመሃሮ ብኸልተ መንገዲ ኢና ከበዝልቕ ጀሚርና። ሓደ ክፋል ካብ ዘርዖ ዝተበገሰ ብኣንፈት ብሊቓትን ፋሕን ኣቢሉ ናብ ቀብርውኣት ክዕጽፍ ከሎ፣ ካብ ሳትሪብ ዝተበገስና ድማ፡ ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ፡ መጀመርታ ናብ ዘርዖ ኣቲና፡ ካብኡ ብኣቋራጭ ንፈልከት ቀብርውኣትን ኣብልና ንኣራግ ኢና ተጓዒዝና።

ኣብ ኣራግ ቀሩብ ናይ ምስትምሃር ፈተነታት'ኳ ተገይሩ እንተ ነበረ፡ ግን ምስትምሃር ሱ-ጥበበ ዝያዳ ናብ ሓውወልዕ ድሕሪ ምእታውና እዩ። ኣብ ሓውወልዕ ሃይለ ኣርቲስት መጺኡ ግቡእ ቅጥዒ ዝሓዘ ክሉብ ሱ-ጥበበ መስሪቱ። ሓኺልን ሙሴ ኣስገዶምን ንፋሕ ከይደዎም፡ ተሪፍና ዝነበርና፡ ኣነ፡ ጆን፣ ምስ ምዝላቕ ዝመጹኡ ኸኣ ብዓል ወዲ ፍቓዱ፡ ወዲ እየሱ፡ ላይነ'ውን ካብ እንዳ ዜና መጺኡ። እንዳ ስእሊ፡ ኣብ ሓውልዕ ታሕታይ እንዳመማህራን ኣብ ትሕቲ ጥርናፈ ሃይለ ወልደሚካኤል (ኣርቲስት) እያ ተመስሪታ። ግን እቲ መድረኽ'ቲ ከም ንኸሉ ካልእ ክፍልታት ውድብ፡ ንቤት ትምህርቲ ሰውራ'ውን ኣብ ሓደ ቦታ ረጊኣ ክትድኩን ኣየኽኣለን፣ ኣብ ሓደ ቦታ ንጥፈታታ ትጀምር'ሞ ነዊሕ ከይጸንሐት ከኣ ከም ሰጎኽ ሳጥም ናብ ካልእ ትግዕዝ ነይራ። ብኸምኡ ምኽንያት፡ ድሕሪ ሓውወልዕ'ውን ናብ ጀልሃንቲ ግዒዝና።

ጉጅለ ስእሊ፡ ናብ ጀልሃንቲ ምስ ኣተወት፡ ርእሳ ክኢላ ኣብ ጫፍ ጸግዒ 02 ቦታ ሒዛ ነይራ። ሃይለ ኣርቲስት እናመሃረና ድልዱል ቤት ትምህርቲ ሱ-ጥበበ ኮይኑ፡ ንሕና እናተመሃርና፡ ኣብ ኢጋማሽት ዳርጋ ኣብ ኩሉ መጺሒፍ ዝሰፍር ምድላው ኣሳእል ንሰርሕ ኔርና። እዚ ሕጂ ንርእዮ ዘሎና ናይ ጽሑፍ መጺሒፍ፡ ካብ ሽዑ ጀሚሩ እናሓቀለ ዝመጽአ እዩ።

ቅድሚ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ካብ ጀልሃንቲ ምግዓዙ፡ ንሕና ኣባላት ክሉብ ስእሊ ቀሩብ ቀዲምና ብእግርና ናብ ኣራግ ባሊ. ውድብ (ምንቅቓሕ) መጺእና፡ ናብታ ናይ ሱ-ጥበበ ክፋል ደማ ኣቲና። ካብ ሃይለ ዝሕይል ስኣላይ'ኳ እንተዘይነበረ፡ ግን ናይ ዕረፍቲ ግዜና ምስ ክፍልታት ውድብ ከሕልፎ ደሊት ስለ ዝነበረና፡ መንገዲ ብዝፈልጥ ሓደ ሰብ ተመሪሕና፡ ኑቲ ንጀልሃንቲ ክንከይድ ከለና ዝተገዓዝናዮ መንገዲ፡ ክንምለስ ከለና'ውን ዳግማይ ተጓዒዝና ሓውወልዕ ረጊጽና ኣራግ ኣቲና።

ኣብ ኣራግ ሰለስተ ወርሒ ምስ ጸናሕና፡ መንግስቲ ሱዳን ህዝባዊ ግንባር ካብ መሬቱ ንኽለቅቕ ጸቕጢ ይገብር ስለ ዝነበረ፡ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ካብ ጀልሃንቲ ናብ ኣራግ ኣርከቦምና። ገለ ክፋል ተመሃሮ ደማ ንክረምታዊ ዕረፍቲ ናብ ሓለቡት (ሕክምና፡ ) ናቕፋ፡ ካልእ ክፍልታት ውድብ ዓማባርበቡ ዛራ ወዘተ ፋሕ ኢሉ።

ቦታ እንዳ መማህራን ኣብ ላዕላይ ዓራግ እዩ ነይሩ። ሃይለ ኣርቲስት፡ ካብ ምንቅቓሕ ናብቲ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ጸዊዑ ከም እንጥርናፍ ገይሩና። ምስኡ ምስ ተጠርነፍና ድማ፡ ዝያዳ ኣብ ስራሕ ምድላው ሕትመት መጺሒፍ ሰሪሕና። ምስ'ቶም እንዳ መማህራን ኴንና፡ ምስ ትሕዝቶ መጺሒፍ ኣካዳሚ ዝኸዱ ኣሳእል ነዳሉ ኔርና። ስእሊ ምስኣል፡ ካብ ቅድሚ ንምዕዳ ምውጽኣይ ዝነበለ ዝበረኒ ኮይኑ፡ ብቐንዱ ግን ኣብ ሜዳ ተማሂረ እየ። ብፍላይ ምስ ኣብርሃም ተኽለን ተኽስተን ክሳብ ዓራርብ ዝኣተናሉ ኣብ ናይ ቀጽሪ እናነጠፍኩ ንተማኩሮይ ኣሰፊረ።

ካብ ኣራግን ካብ ካልእን ኩሉ ክፍሊ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ናብ ዓራርብ ምብጋስ ምስ ኮነ፡ ሃይለ ኣርቲስት፡ ላይኑ ሱራፊኤል ያቆብን ካልኣትን ኑቲ ስራሕ ኣጻፈፎም ብዓማባርበብ ኣብሎም ብመኪና ክጉዓዙ ኸለዉ፡ ንሕና ግን ብእግርና ጉቦታትን ሰናጭሮን እናቖረጽና ተጓዒዝና። እቲ ናብ ዓራርብ ዝኣቱ ዝነበረ ኣካል ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ብሰዎሚ ብምብራቕን ብደቡብን (ካብ ሰለስተ መኣዝን) መጺኡ እዩ ዝኣትዎ ዝነበረ።

ንሕና ክፋል ናይቶም ብኣንፈት ምብራቕ ክንኣቱ ዝነበርና ኢና። ግን መገዲ ተጋጊና ምስ ዓይገት ንዝተኣሳሰር ጎቦታት ሰንጢቕና ናብ ኣዶብሓ (ንምዕራብ) ኣምሪሕና። ምስ ንበረትናን ምስ ብርክት ዝበለ ዘጥረናዮን ኣጣልን ዘይተደልየ መንገዲ ወሲኽና ካብ ማጠን ንላዕሊ ሃለኽና። ምስቶም ካብ ዛራ፡ ካብ ዓማባርበብን ካልእን ተበጊሶም፡ መኪይን ተሰፊሮም ንቤት ትምህርቲ ሰውራ ብሸንኽ ደበባ ዝኣተዉ ዝነበሩ፡ ንሕና'ውን ምስኣቶም ብሸንኽሉት ኣብልና ኢና ንዓራርብ ኣቲና። ኣብ መንገዲ ስለ ዝተናኸፍና፡ ሰብናን ኣጣልናን ምስ'ተን ብሸንኽ ሱዳን መጺኣን ስንቂ ኣራጊፈን ካብቲ ከቢ. ዝምለሳ ዝነበራ መካይን ተሰቒልና ናብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዓራርብ ኣቲና።

ኣብ ዓራርብ እንዳ ባህልን እንዳ ስእልን ብሓንሳብ ተጠርነፍና። ሱ-ጥበበ ስእሊ ኣብ ጀልሃንቲ፡ ብዓል ላልማ ጸዩ፡ ወዲ ጃንሆይ፡ ኣቡላጎይ፡ ወዲ ዛግር፡ ብዓል ሱራፊኤል ያቆብ፡ ብዓል ኣብርሃት፡ ኣኽበረት፡ ኣለም ሰንበታ ብዙሓት ተመሃሮን ድልዱል ቤት ትምህርትን ነይሩ። ናብ ዓራርብ ምስ ኣቶና ግን ሰብ ኣብ ናቱ ተወዚዑ ግዲ ኣላጊሱ፡ ኣብ ዓቕሚ ሰብ ተጓዲልና ኢና። እንተኾነ ክሳብ ግዜ ምብጋስ ንምጥፋእ መሃይምነት፡ ኣብ ምድላው መጺሒፍ ዝርከብና ብጽዑቕ ሰሪሕና። ኣብ ዓመት 1983 ከኣ ገለ 10 ንኸውን ሰኣልቲ ካብቲ ቤት ትምህርቲ ናብ ዘመተ ምጥፋእ መሃይምነት ወጺእና። ዘመትቲ ደረጃ ትምህርትና ካብ ሓምሻይ ክሳብ ሻምናይ ክፍሊ ነይሩ።

ካብቶም ዝወጻእና፡ ብኢጋጥሚ ዝበዝሑ ሱ-ጥበበኛ ንሰሚን ኢና ተመዲብና። ካብ ሳሕል ወጺእና ንሰሚን ክንሰግር ከለና፡



ቅብኣ ሰዉእ ሙሴ ኣስገዶም

ጸላኢ ኣብ መስመር ጸርግያ ኣስመራ ከረን ከየግዝና ድብያ ገይሩልና ነይሩ። ካብ ዘምትቲ መማህራን ናይ መጀመርታ ድብያ ተኸሲ ዘጋጠመና ንሕና ኢና። ግን ኑቲ መስመር ጸቡቕ ገይርም ዝፈልጡ ኣባላት ዞባዊ ስራዊት ዓጇቦምና ስለ ዝነበሩ፡ ምሳና ይጉዓዙ ምስ ዝነበሩ ካልኣት ኢጋይሽ ብሰላም ሰጊርና። ንሰሚናዊ ባሕሪ ምስ ሰገርና ኸኣ እቲ ናይ ምጥፋእ መሃይምነት ዕማም ጀሚርናዮ።

ናይ መጀመርታ መደበይ ኣብ ዕላዒሮ ስለ ዝነበረ፡ ንስእሊ ኣካል ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ገይረ ኣስተምህሮ እህብ ነይረ፡ ከም'ኡ'ውን ኤግዚብሽን የቕርብ ነይረ። ካብ ዕላዒሮ ናብ ፍሽይ ምስ ደየብኩ'ውን ናይ ቀጽሪ ጅግራፍ ስእሊ ኣስተምህሮ እህብ ነይረ።

**የማነ ገብረዝጊ (ጆን)**

ሱ-ጥበበ ኣብ ዘርዖ እያ ብዕቡእ ጀሚራ፣ ወላ'ኳ ብዙሕ ማተርያል ኣይነበረ'ምበር፡ ኣብኡ'ዩ ብምዕቡል ኣገባብ ትምህርቲ ክወሃብ ጀሚሩ። ንሕጽረት ቀለማት ኣክሪሊክ ብሕብራዊ ኣእማን ወቒጥና፡ ብቐጻለመጺሊ ለንቂጥና ንጥቀም ኔርና። ላንደስኬፕ፡ ኮላጅ፡ ስቲል ላይፍ፡ ኣናቶሚ፡ ፐርስፐክቲቭ ተኸፋፊልና ንሰርሖ ኔርና። ካብ'ቶም ዝምህሩና ዝነበሩ ሱ-ጥበበኛታት ሰለስተ ርብዒ ሕጂ ብህይወት የለዉን፣ ተሰዊኦም እዮም። ኣብ ሓውወልዕ ክሳብ ጀልሃንቲ ዝወሃብ ዝነበረ ትምህርቲ ስእላዊ ሱ-ጠበቡ፡ ክሳብ ንኣደ ስርሓት ኬድና ኣብ ንመሃረሉ ዝነበርና እዋን፡ ብዓል ሓኺሊ፡ ብዓል ኦሮሞ፡ ብዓል ስቤ፡ ብዓል ደሞዝ፡ ደቂ ኣዶናይ ክልቲኦም፡ ካብዚ ሕጂ ሒዝናዮ ዘሎና ንላዕሊ ኣድማዒ ስራሕ ይሰርሑ ነይሮም። ኣብቲ ሜዳ ጨንፈር ትምህርቲ ካሕሰም ይዳሎ ነይሩ። ተመሃሮ ድማ እናተመሃርና፡ እቲ ካሕሰም ክዳሎ ኸሎ ኣብኡ ንዝኣቱ ኣሳእል ኣብ ምድላው ኢድና ሓዊስና ኢና።

**ስሙ ዘይላለዩ ኢንጂነር**

ዝንባለ ተመሃራይ ኣለሊኻ ንተመሃራይ ኣብ ዘድምዓሉ ዓውዲ ኣብ ምስኳዕ ግደ መማህራን ልዑል ነይሩ። ኣብ ስእሊ፡ ኣብ ቅርጺ ... ዝንባለን ክእለትን ዘይብልካ ተመራማራይ ኣይተኸውንን ኢኻ። ብዙሓት ብዘተፈላለየ ሞያ ግራጃውይት ገርና ዘለና ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ውጽኢት ናይ መማህራንና ኢና።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ንኣሸቱ ስለ ዝነበርና፡ ንኣራግ እናኸድና ካብቶም ኣብኡ ዝነበሩ ክኢላታት ብቐርጻ ይኸን ካልእ ጥበብ ኣደና ከጽሪ 24 ሰዓታት ኣብ ትሕቲ ምክትታል ናታቶም ንገዓዝ ኔርና። ናብ ብዓል ወዲ ራእሲ (ንተኳኲል ስኩል) ክንመጽኦም ከለና፡ ከም'ቲ ዋዒናን ባህሪናን ይኣልዩና ነይሮም። ወዲ ሰብ ኑቲ ዝርእዮን ዝዕዘቦን'ዩ ክኸውን ዝደልዩ። ናብ ግንባራት ዑደት ክንከይድ ከለና፡ ኑቶም ተጋደልቲ ኣቦታትና ንኽንመስል ክንክትት ንደልይ'ሞ፡ "ተመለሱ ተመሃሩ! ሰብ ውሒዱና ኢሎምኹም ደየም?" ኢሎም ጸቕጢ ምስ ገበሩልና ባህ ከይበለና ንምለስ ኔርና። ብሓፈሻ፡ ብዘይ ቅብኣ፡ ብዘይ ቅርጺ ተኳኲል ማይንድ ዘለዎ መንፍስ ክፍጠር ኣይክእልን እዩ። ናይ ምህዞ መንፈስ ከተሕድር እንተድኣ ኰይንካ ኣእምሮኻ ጥበብ ዝተሓወሶ ክኸውን ኣለዎ።

**ክፍሉ ፍስሃየ**

ኣብ ኣራግ ኢና ሱ-ጥበበ ተማሂርና፡ ኣብኡ 26 ንኸውን ተመሃሮ ኔርና። ኣርባዕተ ሓሙሽተ ወርሒ. ኣብልና ምስ ተመሃርና፡ ንኣሰታት ክልተ ሰሙን ዝኣክል ኑቲ ናይ ትምህርቲ ቀለም ዝተዳለወ ምስ ስእሊ ተሰንዩ ክኸይድ ስለ ዝነበሮ፡ ኑቲ ኣሳእል ንምስናድ፡ መማህራን ባዕላቶም እናመዘኑና፡ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሓምሻይ ዝተቐረበ መጺሒፍ ብስቴንስል ሰሪሕና። እዚ ድማ እቲ ውድብ ማዕረ ክንደይ ኣብና እምነት ኣንቢሩ ከም ዝነበረ'ዩ ዘርእየካ።

ጨ/ምርምርን ሰነድን
ቤ/ጽ ሓ/ጠቕላሊ ስታፍ
ሓ/ምክልኻል

*መኣረምታ፡- ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይ'ዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ እተን ብሱ-ጥበበኛታት ስእልን ጽሑፍን (ናይ ዜናን ፕሮፓጋንዳን) ተሰንዩን ዝዳለዋ ዝነበራ መጽሔታት፡ "ኮኾብ ቀይሕ" ብትግርኛ "መሪሕ" ብትግረኛን ክልቲአን ጥራይ ከም ዝነበራ ተመልኪቱ ዘሎ መግለጺ. ጌጋ ኮይኑ፡ ፈተ-መሪሕ፡ ፈተውራሪ፡ ቀይሕ ኮኾብ፡ ኮኾብ ቀይሕ (ብትግረ) ነይረን ተባሂሉ ተኣሪሙ ክንብቡ፣ እቶም ሱ-ጥበበኛታት ድማ ኣብዘን መጽሔታት ብናይ ጽሑፍን ስእልን ሞያ ይሳተፉ ምንባሮም ዘተኻኽር።*

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

**1. 2 position; senior Drill and Blast Supervisor**

**Department: Open Pit Mining**
**Section: Drill & Blast**
**Number required: One (01)**

**PRIMARY PURPOSE**

- To manage and coordinate all day to day facets of drilling and blasting operations.
- To effectively manage the operational requirements in a safe and cost effectively manner. Knowledge transfer and mentoring of national Engineers and Supervisors.

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- Ensuring that drill and blast section outcomes are met through a safe, effective with efficient utilization of resources (human and capital), in accordance with company objectives.
- Accountable for delivering individual and team production targets, coaching and mentoring the team members for continuous improvement.

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Safety, Health and Environment**

- Actively promoting and coordinating responsible work practices including maintaining a high standard of housekeeping at all times and providing feedback on Safety, Health and Environmental matters

**People**

- Management of drilling and blasting operations including supervision and mentoring of Engineers, Supervisors, Crew Leaders, Drillers, Blasters and MMU Operators

**Productivity**

- Develop and manage key safety and productivity goals within the department
- Comply with and enforce the requirements set out in Standard Operating Procedures

**Technical Accountabilities;**

- Approve accurate Drill & Blast designs in a timely manner as defined by the Monthly Blast Master and Weekly Plan provided by Short engineers
- Undertake Drill and Blast related project studies and investigations including but not limited to blast movement monitoring, wall control blasting trials, timing initiation designs and mine to mill analysis

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- This role require a strong leadership capability
- Actively participate in Eritrean's skill development
- Identify employee(s) whom he/she is responsible to mentor
- Provide on the job skills training to protégés

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • 12 years operational experience in Drill and Blast as a Driller, Blaster or MMU Operator including a minimum of 6 years at a Supervisory level. Mining or Civil Engineering degree is an asset | • Significant experience in a hard rock mining environment<br>• Comprehensive supervision and leadership skills<br>• Experience with Explosive Magazine Management<br>• Experienced in dealing with and managing Reactive Ground is an asset<br>• Experience working with MMU's on tight blasting patterns<br>• Extensive experience with DTH drills<br>• Experience with bit sharpening and hammer rebuilding<br>• Experience with NONEL detonation systems |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Computer Literacy (Word, Excel, Power Point)<br>• Experience with mining and blasting software. Surpac & Blast Map experience an asset<br>• Problem solving and solution implementation<br>• Experience designing and signing off on blast pattern design<br>• Experience designing blasting tie ins<br>• Experience in post blast analysis, including assessing fragmentation<br>• Experience in blasthole drilling QA/QC | • Interpersonal skills<br>• Ability to work under pressure<br>• Results oriented<br>• Good interdepartmental communication<br>• Ability to work in multi-disciplinary environment<br>• Supervision and leadership skills<br>• A commitment to safe work practices<br>• Self-motivation, organisation and planning skills<br>• Strong communication skills, both written and oral<br>• A willingness to transfer knowledge to a national workforce |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኣቶ ጸጋይ ሃደለ ተመልሶ፡ ኣቦና ቀሺ ሃደለ ተመልሶ መሓሪ ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 27/10 /26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብስም ፋብሪካ ዓለባ ኤርትራ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ቲራቮሎ ጎደና ተጋደልቲ ቁ.ገዛ 80/82 ቁ.ምስክር ወረቐት 116271 መወከሲ ቑጽሪ 138820 ዝተመዝገበ ኦርጂናል ሰነድ (ሊብሬቶ) ምሉእ ዶክመንት ናይ ገዛ ዝሓዘ ስለ ዝጠፈኣና፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ዝበል እንተልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቁ.ተሌፎን 182387 ክትሕብሩና፡ እንተዘይብሎ ግን መተካእታ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ክንሓትት ምዃንና ንሕብር።

ፋብሪካ ዓለባ ኤርትራ

ኣብ ዞባ ደቡብ ከተማ ን/ዞባ ዓዲ ኳላ ከባቢ ዓዲ ኳላ ኣብ ዞባ 2 ፕሎት 30 ፓርሰል G ዝርከብ ናይ ጡሳ መሬት፡ ብስም ወ/ሮ ንግስቲ ኪዳነ ሃደለ ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፈኣና፡ ረኺብዎ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ዝበል ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07160644 ወይ ከኣ 07272772 ክሕብረና፡ እንተዘየሎ፡ መተካእታ ክወጽእና ክንሓትት ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ ንግስቲ ኪዳነ ሃደለ

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ በረኽ ከባቢ ቋሸት ፕሎት 63 ፓርሰል A ስፍሓቱ 250 ት/ሜ 2 ቀንዲ 3 ሓገዝቲ ክፍልታት ዘለዎ ተራ-ገዛ፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑ.ንብረት 1BRBRK012363/0 ብስም ፍረወይኒ ሰገድ ደብረጽዮን ዝተመዝገበ ገዛ ስለ ዝሸጥክዎ'ሞ ናብ ስም ዓዳጊ ከመሓላልፎ ስለ ዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤተ ጽሕፈት ዋታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ወኪል ፍስሃየ ወልደኪዳን

## ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ዕደና ኣስመራ፡ ንሰራሕተኛታቱ ዝኸውን መግቢ ንሓደ (1) ዓመት ዝጸንሕ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ፡ ንግዱሳት ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።

ዓይነት ንብረት

*ስጋ ደርሆ (chicken Meat)
* እንቋቑሖ (ፍሩይ ደረጃኡ ዝሓለወ) ፍርያት ደርሁ ሆላንድ።
*ስጋ ከብቲ (Fresh Meat)
ተወዳደርቲ ከማልእዎ ዘለዎም ቅጥዒ፡
. ናይ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ምስ መንነት ወረቐት።
. መረጋገጺ ወረቐት ካብ ዕዳ ነጻ (Clearance) ኣታዊ ውሽጢ ሃገር 2025ን ሰነድ መኽፈሊ ግብሪ 2025ን።
.መኽበሪ ጨረታ፡ ንስጋ ደርሆን እንቋቑሖን ዝፍሰ ወከፍ 50,000 ሽሕ ናቕፋ፡ ንስጋ ከብቲ (Fresh Meat) 50,000 ሽሕ ናቕፋ፡ ብሲ.ፒ.ኦ (C.P.O) የትሕዙ።
ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ምስ ወጸ ን10 (ዓሰርተ) መዓልታት ስራሕ ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ ማዓል 11 (ዓሰርተው ሓደ) መዓልቲ ስራሕ፡ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተወዳደርቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ቤ/ጽሕፈት ዕደና ኣስመራ ይኽፈት።
.ተወዳደርቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ምስ ዘይርከቡ፡ ዝቐረብዎ መወዳደሪ ሰነዳቶም ተራእዩ ምሉእ ሰነድ ምስ ዝኸውን ክወዳደሩ ይኽእሉ።
. መወዳደሪ ሰነድ ካብ ቤ/ጽ ዕደና ኣስመራ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክውሰድ ይከኣል።
. ተወዳደርቲ ቀዳማይ ደረጃ ጠለብ ከቕርቡ ምዃኖም ፈሊጦም ዝ. ኣብ ግምት ዘእተወ ዋጋ ከቕርቡ ይግባእ። ካብ ንበር ወጻኢ ዋጋታት ቅቡል ኣይኮነን።
. ትካልና፡ ዝኾነ ዓይነት ኣስቤዛ ንብቕዓቱ ዝምልከት ኣብ ሳይት ምስ ወረደ ይርአዩ፡ ብቕዓቱ ንዘይሓለወ ኣስቤዛ ድማ ናብ ኣቕራቢ ይመለሱ።

. ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቑጽሪ ስልኪ 185556/57 ክትውከሱ ትኽእሉ።
ኩባንያ ዕደና ኣስመራ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ዚ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰlu ዝተሓለወ እዩ።

ኩባንያ ዕደና ኣስመራ



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እናፍቅሮ ወድናን ሓውናን ኣቶ የሴፍ ዓንደማርያም ሃብተማርያም፡ ዝተሰmeዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ካብ ጐኑ ዘይተፈለኽሙ ኣሕዋቱን ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ሮማ ከባቢኣን፡ ምስ ዓረፈ ድማ ሬሳ ኣብ ምፍናውን ኣብ ኣስመራ ኤርፖርት ምቕባልን ከምኡ'ውን ኣብ መካነ መቓብር ጸጸራት ኣስመራ ዘቃበኩምናን፡ ኣብ ገዛና ተመላሊስኩም ናይ ሓዘንና ተኻፈልቲ ዝኾንኩም፡ ካብ ወጻኢ ሃገር ቴሌፎን ደዊልኩም ዘጸናናዕኩምናን ኩልኹም ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።


ወለዱ ኣቶ ዓንደማያም ሃብተማርያምን ወ/ሮ ቅርሻ ጉብሪትን
ምስ ምሉኣት ስድራቤትን



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ዘፍቅራ ክብርቲ ብፅልቲ ቤተይ ወ/ሮ ሓረጉ ሓይሉም መሓሪ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ መካነ መቓብር ጸጸራት ብምኻድ ዘቃበርኩምናን፡ ኣብ ገዛና እናተመላለስኩም ዘጸሕኩምናን፡ ብቴሌፎን ካብ ውሽጥን ካብ ደገን እናደወልኩም ዘጸናናዕኩምና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ብፁል ቤታ ኣቶ ርስቶም ገ/የሱስ ምስ ደቃናን
ሓዋ ኣቶ ኣሰገድ ወ/ኣረጋይን ምስ ምሉኣት ስድራቤትን



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እናፍቅሮ ክቡር ብፁል ቤተይ ኣቶ የውሃንስ ወልደኣብ ሃ/ገርግሽ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝበጻሕኩምና፡ ድሕሪ ዕረፍቱ ክሳብ ወኪ-ደባ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ብኣካል ተመላሊስኩምን ካብ ውሽጥን ወጻእን ደዊልኩምን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።
ብፁልቲቤቱ ኑብያት ወልደኪሮስ ምስ ደቀይ ሙሴ የውሃንስ፡ ስምኦን የውሃንስ

ሰምሃር የውሃንስ ምስ ምሉኣት ስድራቤት




X. መራሒ ብብቕዓት ክመርሕ እንተኾይኑ በብግዚኡ ፍልጠቱን ተሞኩሮታቱን ከዕቢ ይግባእ። መጽሓፍ ተወከስ።
X. ኣብ ዝኾነ ጽፍሒ ዘሎ መራሒ ነዛ መሳጢትን ደራኺትን ግብራዊትን መጽሓፍ ከንብብ ይግባእ።
"ምንባብ ምሉእ ሰብ ይገብረካ።"
**ኣከፋፈልቲ፦** ኣውገት መሸጣ መጽሓፍቲ; ሰቲት ስተሽነሪ

# ካብ መጻሕፍቲ

## ሺላ ዘግዱር

ምንጪ፥ መጽሓፍ
‘ደማዊ ዘመን’
ብተስፋዬ ገብርኣብ
(3ይ ክፋል)

ሺላ ኣቶ ዘግዱር ኣገራሚ እዩ። ቤተማዘክር ታሪኽ'ዩ ክበሃል ይከኣል። ዝኣከቦም መጻሕፍቲ ብዝሑምን ዓይነቶምን ርኢኻ ኣይጽገቡን። ዳርጋ ኩሎም ናይ ታሪኽ መጻሕፍቲ እዮም። ኣብ ሓደ ረድፊ የማን ምስዮና ዝሑሩ “መግዛእቲ ጣልያን” ዘርእስቱ መጽሓፍ፡ ክልተ መጻሕፍቲ ዘምህረት የሃንስ ገረ-ንገረ ተቐሚጦም ነበሩ። ዶክተር ኣባ ኣንቶንዮስ ኣልቤርቶ፡ “ተልእኾ ማሕበር ካፑቺኖ ኣብ ኢትዮጵያ ካብ 1846 ክሳብ 1942” ብዝብል ኣርእስቲ ዘሕተሙዎ መጽሓፍ - “ታሪኽ ክርስትና” ዘርእስቱ መጽሓፍ ኣቡጴጥሮስ ቀሺ ገብረስላሴ፡ እዝራ ገብረመድህን “ከንሻ” ብዝብል ኣርእስቲ ዘሕተሞ መጽሓፍ። ዘግዱር፡ ንመጻሕፍቲ ዘምህረት እናተናኸፈ፡ “ብርኢይቶይ ዘምህረት ዛንታ ኣውዳድቓ ጀብሃ ክጽሕፍ ነይሩዎ።” በለኒ።

ካብ መጻሕፍቲ ናብ ስእልታት ሰገርና፥

ብሓደ ወገን መንደቕ ናይቲ ሳሎን ብዝሒ ዘለዎም ስእልታት ፊዳኢን ተንጠልጢሎም ነበሩ። ስእሊ ኣብርሃም ተኽለን ሙብራህቱን (ሻይናክ)፡ ገረ-ንገረ ተንጠልጢሎም ነበሩ። ኀይትኦም ወዲ-ሰብሲን ኩሉኤል መንግስቱ ሃይለማርያምን ገረ-ንገረ ተንጠልጢሎም ብምርኣየይ ፍሸኽ በልኩ። ወዲ በሻር፡ ሰዒድ ሑሴንን ሓምድ ጠማርን እውን ከምኡ ተር ኢሎም ነበሩ። ስእሊ መልኣከ ተኽለን ዓብደላ እድሪስን ከኣ ገረ-ንገረ ተንጠልጢሎም ነበሩ። ናይ ካልኦት ኣይነበረን። ኣብ ታሪኽ ገድሊ ኤርትራ፡ ብፍሉይ ዝጥቀሱ ሰባት ስእልታቶም ምስ ሕጽር ዝበለ ሓበሬታኦም ኣብ ደርገዝ ዓይነት ኣልበሞት ተሰቒዱ ረኣኹ።

ዘግዱር፡ ብትኣዝ ናብ ስእሊ መልኣከ ተኽለ እናጠመተ፡ “መልኣከ ንመሰዋእቲ ዝተዳለወ ተባዕ! መራሒ'ዩ ነይሩ። እንተኾነ ግና ብልሓት ኣይነበሮን። ተምሳሕ ብትእዛዝ ዓብደላ እድሪስ ክቕትሎ ኢሉ ናብ ኣፍደገኡ ክሳብ ዝውተፎ ሰቕ ኢሉ ርእዩዎ። ኑብሱ ምክልኻል'ውን ክኽእል ኣይከኣለን። ሽዑ ኣብ ኣስመራ፥ ‘ተምሳሕ ንመልኣከ ቀቲሉዎ፡ ተስፋምህረት ከኣ ንተምሳሕ ቀቲሉዎ’ ዝብል ወረ ተናፈሱ ነይሩ” በለኒ።

ኣነ ግና፡ ‘ተስፋምህረት’ን ‘ተምሳሕ’ን ዝብላ ኣስማት ቦኽሪ እዝከይ እየ ዝሰምዐን ነይረ። ብዘዕባ ጀብሃን ሻዕብያን ዝበረኒ ኣፍልጦ ቅንጫቢ ምዃኑ'ኳ እፈልጥ እንተነበርኩ፡ ማዕረ ክንድ'ዚ ግና፡ ዋላ ኣብ ተራ ዕላል ቡን ከዕልል ከምዝይክእል እፈልጥ ኣይነበርኩን። ኑቲ ዝጉድለኒ ካብ ዕላላት ኣቶ ዘግዱር እናመላእኩን እናጎጣጠምኩን ክርዳእ እጽዕር ነበርኩ። ኑተን ዝተጠቕሳ ኣስማት ኣብ ሰሌዳ ኣእምሮይ ከቲበ ብኣንክሮ ምስማዕ ቀጸልኩ።

ብርክት ዝበለ ስእልታት ናይ ደቀንስትዮ ኣብ ካልእ መረጼን ዘለዎ መቓን ኣትዩ ተንጠልጢሉ ረኣኹ። ንሳዕድያ ተስፉን ማና ሓጎስን ኣለለኹወን። ንወዲ በላ ምስ ረኣኹዎ ስምዒታዊ ኮንኩ። ኣሳእል እኒ ኣቡኑ-ማርቆስ፡ ዓብደልቃድር ከቢረ፡ ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን፡ ኤልያስ ክፍሉ፡ ኣብኡ ነበሩ። ስእሊ ዘርኣይ ደረስ ንበይና ነበረት።

ናብ ስእሊ ዘርኣይ ደረስ እናመልከተ፡ “ኢትዮጵያውያን፡ ንታሪኽ ዘርኣይ ደረስ ንፕሮፓጋንዳዊ ሃልኪ ክጥቀሙሉ ከለዉ ምክልኻሉ ይከኣል ነይሩ” በለኒ።

ዘግዱር፡ ቤታ ሐዚዋ ዝበረ ዘኻኒ ናብ መንደቕ ኣመልኪተሉ'ሞ፡ ኣቦይ ወልደኣብ ወልደማርያምን ኣነ ዘይፈልጦም ሰብኣይን ገረ-ንገረ ተንጠልጢሎም ረኣኹ። እንታዋይ ምዃኖም ሓተትኩ። ከም ዘይፈልጦም ነገርኩዎ።

“ስዩም ወልደማርያም ይብሃል። ኣቦይ ወልደኣብ ምንኣሶም ሓዎም እዩ።”

ኣቦይ ወልደኣብ፡ ስዩም ዝበሃል ሓው ከም ዝነበሮም ንፈለማ እዋን እየ ዝሰምዕ ነይረ። ዘግዱር፡ ብዛዕባ ስዩም ወልደማርያም ከምዚ እናበለ ኣውግዓኒ፦

“መምህር ስዩም ዓይኑስወር'ዩ ነይሩ። ቅድም ሳሕተ ንራኸብ ነይርና። ከመይ ዝበለ ፊታው መዚቃ ነይሩ ማስለካ፤ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ይዝምርን ጊታር ይሃርምን ነይሩ። ናብዚ ክመጽእ ከሎ፡ ኒታ ሞንዳሊኖ ዝዓይነታ ጊታሩ ተማሊኡዋ ይመጽእ'ሞ፡ ክጸውት ከሎ ኣዒንተይ ኩዒነ ብጽሞና ኣድምጾ ነበርኩ። ከመይ ዝበለ ተውህቦ ዝበሮ ሰብ ነይሩ ማስለካ፤ ሰላም ስዩም ዝበሃል ወዲ ኣሎዎ። ከም ኣቦኡ ሃራሚ ጊታር እዩ። ኣብ ግዜ ደርጊ ኣብ ኣዲስባባ ንሮሃብንድ ሰላም ወዱ'ዩ ማስራቱዋ።”

ቁሩብ ኣዕርፍ ኢሉ ዕላል ቀጸለ፦

“ስዩም ዋላ'ኳ ዓይኑስወር እንተነበረ ብርቱዕ ሰብ እዩ ነይሩ። ሓደ እዋን፡ ‘ካብ መላእ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኢትዮጵያ ገዝኡብ እናተቐረጸ ኣብ መዓላ ዓይኑስወራን ክውዕል ኣለዎ።’ ዝብል ሓሳብ ኣምጺኡ ንጃንሆይ ዕረፍቲ ከልኦም። ንሱ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ዳይረክተር ቤት-ምህርቲ ዓይኑስወራን ኣብርሃ ባህታ እዩ ነይሩ። ዘንቀሎ ሓሳብ ኣብ ጃንሆይ በጽሐ'ሞ፡ ቀጸራ ተታሓዘሉ ኪዱ።

ጃንሆይ፡ “ንስኻ ዓይኑስወር እንተ ዘይትኸውን ካብ ሓውኻ ምኸፍእኻ ነይርካ፡” በሉዎ።

ስዩም፡ “ሕጂ'ኸ እንታይ ጉዳሉኒ?” ኢሉ ሓተቶም።

“ከም ልብኻ ኣይትገቱን ኢኻ፡” ኢሎም መለሱሉ።

ዘግዱር፡ ተመሲጡ ከዕልለኒ ድሕሪ ምጽናሕ፡ “መዚቃ ትፈቱ ዶ?” ሓተተኒ።

ሓደ ክፋል ናይቲ ብቐርጺ ሕመሱ ጉደኒ (ሓመሽተ ኩርናዕ) ዝተሰርሐ መንደቕ ናይ'ቲ ሳሎን ብመሳርሒታት ባህላዊ መዚቃ ተባሒቱ ነበረ። በገና፡ እምብልታ፡ ማሰንቆ፡ ከራርን ከበሮን ጉሊሖም ይርኣዩ። ኣሳእል እኒ በረኸት መንግስተኣብ፡ ጸሃይቱ በራኺ፡ ትበርህ ተስፋሁነኝ፡ ሉተብርሃን ዳኘው፡ ኣሊጋሸ ክፍሉን ካልኦት ኤርትራውያን ስነ-ጥበበኛታትን ኣብ ዝውቅበ መቓን ኣትዩ ተሰሪዑ ይርኣ። ኣብ ትሕቲ እቲ መንደቕ ኣብ ዝበረት ቀጣን ጣውላ ከኣ፡ ናይቶም ድምጻውያን ግጥሚ ደርፍታቶም ዝሰፈርዎ ደርገዝ ጥራውዝቲ ተቐሚጦ ነበሩ። ብኻልእ መንደቕ ከኣ ኣሳእል ባሕረ-ነጋሲታት፡ ከንቲባታት፡ ጭቃታትን ናይባትን ኣብ ምጨው መቓናት ተንጠልጢሉ ይረአ ነበረ። ንኹሉ በቡሓደ ክትርእዮ እንተደሊኻ ብዓቕሊ ንኣዋርሕ ክትፅዕሮ ኣሎካ።

ናይ ውሽጢ ገዛ ዑደተይ ምስ ወዳእኩ መራሒኒ ናብቲ ጉዳም ወጸ። ብቘንጅኽን ዝጸበየ ሮማዲ ኑቲ ግቢ ልክዕ ከም ሰሌን ተጸፊፉዎ ነበረ። ብዓቢ ክንክንን ጥበብን ዝጸበዩ መብቆላውያን ኣግራብ ዱማ፡ ሰዩ፡ ኣውሊዕ፡ ዳዕሮ፡ ኣውሒን ካልኦትን ኣብ ጸግዑ-ጸግዒ ናይ'ቲ ግቢ ከበቦም ይርኣዩ። ኣብ መንደቕ ናይ'ቲ ቀጽሪ ካብ 30 ዘይውሕድ ዝተንጠልጠለ ታኒካታት ኣሎ። ኣብ ውሽጡ ንምቅንጣብ ዝኣኽለ ዝተፈላለየ ኣሕምልቲ በቒሉ ይረአ። ካብ ማዕጾ ናይቲ ቀጽሪ ንጺጋም ኣብ ዘሎ ወገን ከኣ፡ ኣብ ትሕቲ እቲ ታኒካታት ዝተንጠልጠሎ መንደቕ፡ ሓንቲ ሰርሓት ቻይና ዝኾነት ‘ፍላይን ፒጆን’ ዝዓይነታ ብሽክለታ ተንጠልጢላ ትርአ።

ዘግዱር ናብታ ብሽክለታ እናመልከተ፡ “እዛ ትርእያ ዘለኻ ብሽክለታ፡ ፊዳኢን ጀብሃ ንስራሕ ይጥቀሙላ ነይሮም” በለኒ። ኣስዒቡ ኣብሉ “. . . ኣብ 1975 ደቀይን ብጾቶምን ንኣባላት ደርግ ተኩሶም ምስ ቀተሉዎም፡ በዛ ብሽክለታ'ዚኣ ይሃድሙ ነይሮም። ኣብዛ ብሽክለታ መጽሔታትን ብሮሸራትን ጸዒኖም ኣብ ፈቐዶኡ ይብትኑዎ ነይሮም። ኣብ ከባቢ 1975 ቀንዲ መንቀሳቐሲቶም ብሽክለታ እያ ነይራ። ሽዑ ከምዚ ሎሚ ብዙሓት መካይን ኣይነበራን። ኣስመራ ሰላማ ሃዲሙ ምስ ተሓመሰት፡ እቶም ካብ ግዜ መግዛእቲ ጣልያን ኣትሒዞም ኣብ ኣስመራ ዝቕመጡ ዝነበሩ ኢጣልያውያን ንኣስመራ ሓዲገማ ንዓዶም ከዱ። ብዘሸክለታ ዝንቀሳቐስ ሰብ ስለዝበዝሐ ንሰሙ ንኣሽቱ ታርጋታት ዝተለጠፈን ብሽክለታታት ሓሸከት ኮና።

ኣብ 1975 ክልተ ኢትዮጵያውያን ኣዋልድ ብ“ዓፋኝ ጓድ” ተወዲበን ኣብ ባር ሮያልን ሲነማ ኣዝማራን እናሰርሓ ይሰልያ ነበራ። ኣብ ብሽክለታ ዝተወጥሑ ክልተ ፊዳኢን ቀቲሎመን ኣምለጡ። ካብዚ እዋን'ዚኣ ንደሓር፡ ደርግ ንብሽክለታ፡ “ናይ ወንበዴ ታንኪ” ዝብል ቅጽል-ስም ለጠፉላ። ኣይደንገየን ከኣ፡ ሓደሽ ኣዋጅ ብምውጻእ ኣብ ኤርትራ ብሽክለታ ከይንቀሳቐሳ ኣገደ። ካብ 1975 ክሳብ 1981 ብሽክለታታት ንሽድሽተ ዓመታት ካብ ጉደና ተኣጊደን ድሕሪ ምጽናሕ፡ ከም ናይ መካይን ዓይነት ታርጋታት ተዳልዩለን ክንቀሳቐሳ ፍቓድ ተውሃበ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኤርትራውያን “ካብ ርሑቕ ዝርአ” እናበሉ ይጨርቁለን ነበሩ።

ዘግዱር፡ ብኣጸብዕቲ ኢዱ ናብታ ብሽክለታ እናመልከተ፡ “እንሆትልካ ምስ ታርጋኣ ቅርሲ ኮይና” በለኒ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ምስ መንደቕ ናይቲ ቀጽሪ ለጊቡ ናብ ዝተሰርሐ ክፉን ኳና ሐዘኒ ኣተወ። ማዕጾ ተኸፊቱ ምስ ኣተኹ፡ ብስንባደ ንድሕሪት ሰጎጥ! በልኩ። እንተኾነ ግና ቀልበይ ገዚኡ ደድሕሪኡ ሰዐብኩ። “እዚ ትርእዮ ዘለኻ ዝተፈላለየ ኣቕሓ መሳርሒ እሱራት እዩ።” በለኒ።

ኣዒንተይ ተኸለ ጠመትኩ፦ ብዝሒ ዘለዎ ዝተፈላለየ ዓይነታት ኩርማጅ መግረፊ ሰብ ኣብ መንደቕ ተንጠልጢሉ ረኣኹ። ፊዳኢን ምስ ተተሓዙ ኣብ ብልዕቶም ዝንጥልጠል በብዓይነቱ ኣቑሑት ሰቓይ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ክሳዶም ዝኣቱ መሸንቆቓ ኣብ ሰንቀ ተንጠልጢሉ ነበረ። ኣጥባት ደቀንስትዮ ዝቐንጥወሉ ፒንሳ'ውን ረኣኹ። ኣብ ሓደ ጸግዒ ጸሊም በርሚል ነበረ። ኣብዚ በርሚል'ዚ ማይ መሊኦም ንእሱራት ርእሶም እናጥለቑ የሳቐዩዎም ነበሩ። ብቐርጺ ኩዕሶ ዝተሰርሐ ኣብ ኣፍ ሰብ ዝውተፉ ብጎቑጽ ደም ዝተዓለሰ ካልስታት ወዘተ. እዚ መሳቐዪ ሰባት ተባሂሉ ዝተዳለወ ኣቑሑት፡ ኣሸንኳይ'ዶ ኣብ ኑበሰካ ክውዕል፡ ክትርእዮ'ውን ዘሰካሕክሕ ነበረ።

“ብኸመይ ኣኪብካዮ፧” ክብል ሓተትክዎ።

“ድሕሪ ነጻነት ንማርያም ግቢ ከጸርዩዎ ከለዉ፡ ምስ ዘይጠቅም ካልእ ኣቑሑ ሓዊሶም ክጉሕፉዎ እዮም ተዳልዮም ነይሮም። ‘ኣነ'ዶ ክወስዶ፤’ ምስ በልኩዎም፡ ብናጻ ሂቦምኒ፣ ኣየኽፈሉንን። ቅርሲ እንተኾነ ኢለ'የ ኣምጺአ ዓቒበዮ።”

ዑደተይ ምስ ወዳእኩ ኣብ መናፈሻ ግቡ ኣብ ዝተዳለወ እንግዶት ምሳሕ ኮፍ በልና። ብዙሓ ዝበሰለ ኣሕምልቲ ብቐሜ ሰገም እናቋሰና ተመገብና። እታ ተሳዕዩልና ዝበረት ጸማቑ ማይ ለሚን ቀረብትልና። ገደና ናይቲ ግቢ ብኮዕሪ'ዩ ተሸፊኑ። ዕድመ ዝደፍኡ ኣእዋም ጸግዑ-ጸግዒ ኑቲ ካንሸሎ ከበቦሞ ነበሩ። ኣብ ውሽጢ እቲ ኣግራብ ኣዕዋፍ ክጸውታ ተዓዘብኩ። ኣብ ወሰ-ወሰን ናይ'ቲ ቀጽሪ ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም ዕንባባታት ነበሩ።

ዘግዱር፡ ቤታ ዝበልዓላ ዝበረ ማንካ ገይሩ ናብቶም ዕንባባታት እናመልከተ መድሃኒት ምዃኖም ሓበረኒ። እናተመገብና ከለና፡ እታ ኣሳየቶ ዝተፈላለየ ዓይነታት ወይኒ ዝጸረት ዓረብያ-ማሳተ እናጎተተት መጸት'ሞ ቀሪባትልና ከደት።

ምስ ነቢት ጥቡቕ ፍቕሪ ከምዘለዎ እናሓበረ፡ ኑቲ ጠራሙዝ ካብታ ዓረብያ-ማሳተ እናልዓለ ኣርኣየኒ። ንኹሎም ዓይነታት ነቢት ይፈልጦም እዩ። ከይቀመሰ ብሽታ ጥራሕ እንታይ ዓይነት ነቢት ከም ዝኾነ ይፈልዮ።

“እዚ “ኪያንቲ” ይብሃል። ካብ ቺቺልያ ዝመጸ ምሩጽ ወይኒ እዩ። እዚ ከኣ “ማርሳላ” ይብሃል። ማርሳላ'ውን ህቡብ! ወይኒ ኢጣልያ እዩ። እዚ ከኣ ወይኒ ናይ ሰፐይን እዩ። “ሸሪ” ተባሂሉ ይጽዋዕ። ሸሪ ተሪር ስለዝኾነ ኣልኮል ንዘፈቱ ሰብ ጽቡቕ እዩ። እዚ “ፖርት” ዝብሃል ድሕሪ ድራር ዝስተ ነቢት እዩ። ፖርት ኣብ ፖርቱጋል እዩ ዝጽሞቕ። ዝተመረጸ ሻርሙጥ ከኣ እንሆልካ፤ ሕብሩ ረኣዮ ጸሊም እዩ። እንተኾነ ግና፡ ምዕር ስለዝብል ንዓይን ንዓኻን ዝኸውን ኣይኮነን። እዚ ከኣ ፍሉጥ ነቢት ፈረንሳውያን እዩ። “ክላረት” ይብሃል። ኣብ ቦርዴክስ ዝተበሃለት ክፍለ-ሃገር ፈረንሳ እዩ ዝፈሪ። ቁሑ'ዶ ትርእዮ ኣለኻ፤”

ብዛዕባ ነቢት ምስወደኣ፡ ብዛዕባ ኑብሱ ድማ ከምዚ እናበለ ቁሩብ ኣዕለለኒ፦

“ከምዛ እትርእዮ ዘለኻ ብሕት ኢለ'የ ዝነብር ዘለኹ። እዛ ተሳዕየልና ዘላ ከኣ መግቢ ሰራሕተይን ገዛ ኣጸራርያተይን እያ ትኸይድ። ንጀርዲነይ ግና ባዕለይ'የ ዝከናኸኖ። ብቐደመይ መጽሓፍ ምንባብ እየ ዝፈቱ። ሕጂ ብመዐርር እናተሓገዘኩ ኣንብብ ኣለኹ። ስነ-ግጥምን ባህላዊ ደርፍታትን ኣመና እየ ዘስተማቕር። ኣዒንተይ ሎሚ-ሎሚ ቁሩብ ይደኽማ ኣለዋ። ኣእዛነይ ግና ኳኽ እየን! ስለዚ ካብ ብኣዒንተይ ዝያዳ ብኣእዛነይ እየ ዝሰርሕ። ብኸምዚ ድማ ኣዒንተይ ካብ ዝጠቕምን ዘይጠቕምን ምቁማት የዕርፋ። ኣዒንቲ ብምርኣይ ክጽጋባ የብለንን። ኣዒንቲ ጸባቖን ወብትን እንተደኣ ርእየን ካብ ዝበረን ሕማም ይፍወሳ እየን። ወብት ክበሃል ከሎ፡ ከም ኽብቢ ዕንባባታትን ኣሳእልን ማለተይ እዩ። ሰለስተ ወለዶኡ ኣብ ኩናት ዝሓለፈ ሕብረተሰብ ብዛዕባ ጸባቐ ክትዛረቦ ከለኻ ሕንቃቐ ክመስሎ ይኽእል ይኸውን፣ እንተኾነ ግና ንሱ'ዩ ‘ቲ ሓቂ። ኣዒንቲ ውብት ክርእያ ከለዋ ናይ ምርኣይ ዓቕመን ይውሰኽ። እዚ ዝበልካ ዘለኹ ብውልቃዊ ተመክሮይ ዘጥረኽዎ ስለዝኾነ ኣብ መጻሕፍቲ ዘይክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። ከተረጋግጽ እንተደሊኻ ግና፡ ንስኻ ባዕልኻ ክትፍትኖ ትኽእል ኢኻ። ዕንባባታትን ንጹህ ሳዕርን ክርኢ ዝወዓለ ኣዒንቲ፡ ምስቲ ዝተኾመረ ጉድፍ ክርኢ ዝወዓለ ኣዒንቲ ሓደ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ርሱሓት መንፈስካ ካብ ምርኣሽ ሓሊፉ ናይ ምርኣይ ዓቕሚ'ውን የድክም እዩ። ሓቀይ'የ እጨርቕ ኣይኮንኩን ዘለኹ። ፈትኖ!”

ካብ ምስሓቕ ሓሊፈ ርእይቶ ክህብ ኣይከኣልኩን። ብልበይ ግና፡ ‘ሓቁ ክኸውን ይኽእል እዩ።’ በልኩ።

**ይቕጽል . . .**

# ካብ ዞባታት

## ዕዙዝ ጽንብል ወርቃዊ እዮቤልዩ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ዞባ ዓንሰባ

ገርጊስ ፍቓድ
ዞባ ዓንሰባ

ኣቐዲሙ ሰፊሕ ምድላዋት ክግበረሉ ዝጸንሐ ናይ መበል 50 ዓመት ዝኽሪ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብደረጃ ዞባ ዓንሰባ ብዕለት 16 መስከረም ኣብ ን/ዞባ ኣስማጥ ብድሙቕ ኣገባብ ብወግዒ ተመዊሉ። ካብ'ታ ውላድን ጨንፈርን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝኾነት ኣብ ጸንከር እዋን ወራራት፣ ኣብ ግንባር ሓልሓል ዝተማስረተት ታሪኻዊት ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ኣስማጥ ዝዘከረ ብጋሉቡዚ ኣፍራሰን ኣግማልን ዝተመርሐ ብውዕወዕ ህዝባዊ ተሳትፎ ተማሃሮን ህዝብን ዝግዕረገ ሰላማዊ ሰልፊ፣ ኣብ ኣዳራሽ ሓወሲ ከተማ ኣሰኑዳ ምስ በጽሐ ወግዓዊ መኽፈቲ ናይቲ ጽምብል ዘበሰር ምቕራጽ ሪበን ብሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳራት ኣምባሳደር ዓብደላሙሳ ተመሪቑ ተኸፊቱ።

ብደረጃ ዞባ ዓንሰባ ዝጸንበል ድሙቕ ጽንብል ወርቃዊ እዮቤልዩ ቤ/ት ሰውራ ብኣስማጥ ከም ዝጀመረ ምግባሩ ግቡእን ዝያዳ ንድምቀቱ ዘዕዘዘን መልእኽቲ ዝሓዘለ እዩ፡፡ እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝበቖለ ፈልሲ ርትዓዊ ፖለሲ ትምህርቲ ብቛንቋ ኣደ ብዮዕባሪ ዝተፈተነሉ፣ ኣፍራይነቱን ኣድማዕነቱን ዝተረጋገጸሉን ኣብዮት ትምህርቲ ማርያ (ግንባር ሓልሓል ነበር) ብፍሉይነት ዝጥቀስ እዩ፡፡ ኣብ ቤ/ት ሰውራ ብቛንቋ ኣደ ብትግረ ናይ መባእታ ደረጃ ትምህርቲ ዝዘዙ ተማሃሮ ምስ ምኩራት መምህራን ተመዲቦም እናመሃሩ ከምዝመሃሩን ተማክሮ ከምዝቐሰሙን ስለዝተገበረ፡ ብብመድረኹ ብዝተጠርየ ንቕሓት ህዝቢ ማርያን ደቂን ካብ ደረጃ ምጥፋእ መሃይምነት ሰጊሩ ኣብ ስሩዕ ትምህርቲ ዝሕድ ኳኋስ ኣመዝጊቡ፡፡ ሳላ'ዚ ዕድል'ዚ ካኣ እዮም ካብ መጀመርያ 1980ታት ጀሚሮም ኣብ ትሕቲ ኣግራብን በዓትታትን ማርያ ጸላም ኣብ ጸንከር ኩነታት ውግእ ከበድቲ ወራራት (6ይ ወራርን ሰላሕታን) ኣብ ትሕቲ ደብዓብ ነፈርቲን ከበድ ብረትን ዝተማህሩ ህጻናት፡ ሎሚ ኣብ ዝለዓለ ጸፍሒ ሞያውነትን ሓላፍነትን በጺሖም ንሃገሮምን ህዝቦምን ኣብ ምግልጋል ደርኪቦም፡፡

ጽንብል ወርቃዊ እዮቤልዩ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ኩለን ን/ዞባታት ዞባ ዓንሰባ፣ ብዝተፈላለየ ስጉምቲ ባህላውን መደባት ማዕረጊ ብድምቀት እዩ ተባዒሉ፡፡ እቲ ብደረጃ ዞባ ዝተዳበረ ዝሰፍሐ መደባት ወግዓዊ ናይ መዕጸዊ ጽንብል፣ ኣብ ዋና ከተማን ማእከልን ናይቲ ዞባ ዝኾነት ከተማ ከረን እዩ ተኻይዱ፡፡ ኩሉ ዓበይቲ ጉደናታት ናይ'ታ ከተማ ብሃገራዊ ጥንዴራታትን ኑቲ ጽንብል ዘንጸባርቐን ምዕሩግ ጭርሖታት ደሚቑ ቀንዩ። ኣብ ቀንዲ ኣደባባያትን ጂራ ፍዮሪ ቦታታትን ብዝተተኸለ መጕልሒ ድምጺ ዝተፈላለየ ደርፍታት ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕምባባን ሰውራዊ ደርፍታትን ከቃላሕ ስለዝቐጸለ ተዘክሮታት ዘሐድሰን ዘቃቕሕን እዩ ነይሩ። ብፍላይ ኣብ ከባቢ ምምሕዳር ቤ/ጽ ዞባ ኣብ ዓቢ ስክሪን ምሸት-ምሸት ብፕሮጀክተር ክፍና ዝቐጸለ ደረቕን ተንቀሳቓስን ንኩሉ መዳያዊ ታሪኽን ንጥፈታትን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝውክል ስእልታት ኣዝዩ መሳጥን ብዙሓት ብኣንክሮ ካብ ዝተኸታተልዎን መደባት ነይሩ።

ኣብ ትሕቲ “ዕዙዝ ዝኽሪ ንሓዳሽ ወፍሪ ህንጻት ሃገር” ዝብል ሃገራዊ ጭርሖ ብዕለት 17 መስከረም ኣብ ጂራ ፍዮሪ ብወኪል ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኮሎኔል ክብሮም ንርኣዮ ተመሪቑ ዝተኸፍተ ስእላዊ ምርኢት (Exhibition) ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ህዝቢ ከረን ተዓዚብዎ፡፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ዓበይቲ ፍሬማት ዝተሰቕለ ወካሊ ስእልታት፣ ካልእ ብሰ/ጥበባዊ መምህር ሃብተወልድ ምስየኖ ዝተዳለወት “መርከብና ዘይጠፍእ ሞተራ” እትብል ኣብ ውሽጢ ሓደ ደቒቕ ካብ 1976 – 2026 ንዘሎ ኩኣስ ዕብየትን ታሪኽን ዘንጸባርቕ ስነጥበባዊ ስራሕ ተንቀሳቓሲ ስእሊ፣ ብኢጋጣሚ'ቲ ቅነ ዝተወደበ ዝተፈላለየ ውዕወዕ ስፖርታዊ ውድድራት፣ ከምኡ'ውን ብመልክዕ ቪድዮ ዝተዳለወ ንሓፈሻዊ ንጥፈታት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝውክል ምስሊ ሰወኣትን ህሉዋትን ኣባላት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ነበር ዝገልጽ መደባት ቀረቡ ብዝዓዙቡ ኣድናቖት ዝረኸበ ነይሩ። ንሓፈሻዊ ምስልን ንጥፈታትን ቤት ትምህርቲ ሰውራ፥ ትምህርቲ፣ ምጉዛናፍ፣ ምሕጻብ ማይ፣ ስፖርት፣ ባህሊ፣ ማእዶት፣ ጉዕዞ እግሪ፣ ቦታታት ጉዕዞን ምዕቋብን... ዝገልጹ ስእልታት ተመሚዮም ብውክልና ኣብ ርእሲ ምቕራቦም ንትሕዝቶን ትርጉምን ናይቲ ስእልታት ዝገልጽ መንሹርውን (bro-chure) ብቛንቋታት ትግርኛን ዓረብን ተዳልዩ ንተዓዘብቲ ተዓዲሉ።

ብዘይካ'ዚ እውን ካብ ዕለት 17 መስከረም ጀሚሩ፣ ኣብ ኣዳራሽ ከተማ ከረን ብዝተፈላለዩ ክኢላታትን ኣባላት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ነበር መምህራንን፣ ንተመሃሮ፣ ህዝቢ፣ ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ፣ ሰራዊትን መምህራንን ምስ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብዝተኣሳሰር ተመክሮ ገድልን ታሪኽን መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ናይ ምግላጽን ምውርራስን ሰፋሕቲ ሰሚናራት ተኻይዱ። ብዕለት 19 ምሸት'ውን ኣብ ከባቢ ጂራ ፍዮሪ ሰንትራል ድሙቕ ናይ መዚቃ ኮንሰርትን ባህላዊ ምርኢትን ተዳልዩ፣ ንተዓዛቢቲ ኣነቓቒሑን ንድምቀት ናይቲ ጽንብል ኣማዕሪጉን። ብዕለት 18 መስከረም ኣብ ቀጽሪ ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ ዝተኻየደ ናይ ኣባላት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ነበር፣ ተዘክሮታት ናይ ምሕዳስን ተመኩሮ ናይ ምልውዋጥን ሓባራዊ መደብ ምዘንጋዕ'ውን ካብ ተጠቀስቲ ንጥፈታት ናይቲ ጽንብል እዩ። ከም ዝፍለጥ ኣብ መጀመርያ ምሕራር ከተማታት ናይ 1977 ብሰውራ ኤርትራ ብህዝባዊ ግንባር ካብ ዝተሓረራ ከተማታት ኤርትራ እታ ዝዓበየት ከረን እያ ነይራ። ኣብ ግዜ ምዝላቕ ናይ 1978 ከኣ ብርክት ዝበሉ ኣባላት ቀያሕቲ ዕምባባ ከረን ንቤት ትምህርቲ ሰውራ ተጸንቢሮም።

ወግዓዊ መዛዘሚ ናይ'ቲ ዝቐጸለ ሕብረ-ብዙሓዊ ንጥፈታት ጽንብል ብዕለት 20 መስከረም ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ስታድዮም ከረን ተኻይዱ። እቲ መደብ ሰዓት 3:00 ድ/ቀ ብማርሺን ባንድ ሃግመተኤ ዞባ ዓንሰባ ዝተመርሐ 50 ጥንዴራ ኤርትራ ዝተሰከሙ ህጻናት ኣብ ስታድዮም ድሕሪ ምእታዎም ብዘክረ ሰማእታት ተኸፊቱ። ቀጺሉ ከኣ ብተራ ማስርዕ ዝተፈላለየ ብቛንቋታት ትግርኛ፣ ትግረን ብሊንን ዝተዳለወ ደርፍታትን ግጥምታትን ቀሪቡ። ብፍላይ ብዩኒፎርም (ኣልባሳት) ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕምባባ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝለበሱ ህጻናት ደምጻውያንን ተሳሃይትን ጉጅለ ባህሊ ሃግመተኤ ዞባ ዓንሰባ ዝቐረበ ናይ ድምጻ ደርፍታትን መዛሙርን ቀያሕቲ ዕምባባ፣ ተዘክሮታት ዘሐድስ ኣዝዩ መሳጢ ነይሩ። ካብ ህቡባት ስነጥበበኛታት ሃገርና፣ ብድምጻዊ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ ጎረት ብቛንቋ ትግረ ዝቐረበ ሃገራዊ ደርፍታት ከምኡ'ውን ብጦጦምን ደራስን ሳሙኤል ገብረ ኣዶናይ “ተዘከሩ” ብዝብል ኣርእስቲ ዝቐረበት ንቤት ትምህርቲ ሰውራን ተማሃሮኣን እትገልጽ ግጥሚ፣ ንድምቀት ናይቲ ጽንብል ካብ ዘዕዘዘ መደባት ነይረን።

ኣቦ መንበር ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ ስራጅ ሓጅ ኑር ዕለት ኣመልኪቱ ኣብ ዘቕረቦ ቃል፣ ብሓፈሻኡ ንምድማቕ'ቲ ጽንብል ዝተሰላሰለ ንጥፈታት ብምጥቃስ ቀጺሉ “ሳሕል ከም ሃገር ህዝባዊ ግንባር ከም መንግስቲ ኣብ ዝበረሉ መድረኽ፣ ናይ ሽው ዕምባባ ናይ ሎሚ ፍረ ዝኾኑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝዓኞኹ ዕሸላት ገሊኦም ኣብ ዝበረ ገድላዊ ጉዕዞ ተጸንቢሮም ምእንቲ ሪም ብጆግንነት ሓሊፎም ኣካል ሰማእታት ኤርትራ ክኾኑ ከለዉ፣ እቶም ውጹእ መዓት ዝኾኑ ከኣ ኣካል ምውሓስ ሃገርን ሃገራዊ ህንጻትን ብምኳን ብልዑል ፍልጠት ሃገራዊ እጃሞም የበርክቱ ኣለዉ” ድሕሪ ምባል፣ ኣብ መዛዘሚ ንኩሎም ነዚ ጽንብል'ዚ ኣብ ምድማቕ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ኣመስጊኑ።







ወኪል ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኮሎኔል ክብሮም ንርኣዮ ኣብ'ቲ ናይ ምዕዛም ኢጋጣሚ ኣብ ዘቕረቦ መደረ ንሓፈሻዊ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ፣ ኣመሰራርታን ዕላማን ናይ'ታ ቤት ትምህርቲ ብጽማቖ ድሕሪ ምግላጽ “ቤት ትምህርቲ ሰውራ ንተመሃሮኣ እናመሃረትን እናመልመለትን ኣብ ዝተፈላለዩ ትካላት ውድብ ትውዝዕ'ኳ እንተነበረት፣ እቲ ኣብ 1983 ኣብ ሻብዓይ ዓመታ ዘጠለቶ ወፍሪ ዘመተ ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ታሪኽና ፍሉይ ቦታ የትሕዝ። ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኑቲ ኣብ ግዜ ገድሊ ዝጀመርናዮ ኤርትራዊ ካሪክለም እናቐለሰትን እናማዕበለትን ክትግስግስ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ድሕሪ ናጽነት ከኣ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ተጠርኒፋ፣ ነዚ ሕጂ ንልምዓት ሃገር እምኑ ኩርናዕ ኮይኑ ዘሎ ምህር ጺጋታት ዓቕሚ ሰብ ትቕልስ ኣላ። እታ ዘመናዊት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝኾነት ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎን፣ ኣብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ዝመሓደራ ኮለጃትን ፍረ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ምዃነን እንተዘኪርና፣ ዝኽርና ዝያዳ ርዝነት ከምዘህልዎ ኣይጠራጠርን” ኢሉ።



# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ምጅማር ትምህርቲ

### ምጅማር ትምህርቲ ንተማሃሮ የሕጉሶምዶ ወይስ...፧

ንኣስታት ሰለስተ ኣዋርሕ ኣቋሪጹ ዝጸንሐ ትምህርቲ፡ ክረምቲ ሓሊፉ፡ ዳግማይ ክጅመር እንከሎ፡ ተማሃሮና፡ ዝተፈራረቐ ስምዒት እዩ ዝስምዖም። መምህራኖም፡ መማህርቶምን ቤት ትምህርቶምን ናፊቖም ስለዝጸንሑ፡ ትምህርቲ ንኽጅምር ብህንጥዩነት እዮም ዝጽበዩ። ይኹን እምበር ካብ መጽናዕቲ፡ ዕዮ ገዛ፡ ፈተና፡ ብግዜ ምቕያድን ናይ ወለዲ ጽዑቕ ምክትታልን ተገሊሎም፡ ዝበዝሐ ግዜኦም ኣብ ጸወታን ምዝንጋዕን ስለ ዘሕለፍዎ፡ ነቲ ናይ "ምቾት" ግዜ ክገድፉዎ ነብሶም ኣይገብረሎምን። ብፍላይ እቶም ቤተ ሰቦም ክርእዩ ናብ ካልእ ዓድታትን ከተማታትን ኤርትራ ዝገሹ ተማሃሮ፡ ነቲ ሓድሽን ዝተፈልየን ተመኵሮ ኣይጸግብዎን እዮም።

ተማሃሮ ብሰለስተ ኣገባብ እዮም ዝማሃሩ፣ ስሩዕ ትምህርቲ (ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣትዮም ዝማሃርዎ)፡ ዘይስሩዕ ትምህርቲ (ሓጸርቲ ሞያዊ ስልጠና)፡ ከምኡ'ውን ዘይወግዓዊ ትምህርቲ (ካብ ከባቢ፡ ስድራቤት፡ ሕብረተሰብ፡ ባህሊ... ብሓፈሻ ካብ ህይወት ዝማሃርዎ ልቦና ዘጠቓልል)። ክረምታዊ ዕረፍቲ እምበኣር ካብ 'ስሩዕ ትምህርቲ' ዘዕርፉሉ እዋን እዩ። ንጥፈታት ክረምታዊ ዕረፍቲ፡ ተማሃሮና ኣብ ግዜ ሓጋይ ንዝህልዎም ኵነተ ኣእምሮን ብቕዓትን ይጸልዎ'ዩ። ክረምታዊ ዕረፍቲ ኣገዳሲ ኣካዳምያዊ መስርሕ እዩ። ተማሃሮ ካብቲ ንትሽዓተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ፡ ብስሩዕ ዝወሃብ ትምህርቲ ከዕርፉን ዝተማሃርዎ ኣብ ኣእምሮኦም ክሰርጽን ዝወሃብ ናይ ዕረፍቲ ኣዋርሕ እዩ። ክረምታዊ ዕረፍቲ ካብ ስሩዕ ትምህርቲ እምበር ካብ ኩሉ ዓይነት ትምህርትታት ደው ንብል ማለት ግን ኣይኮነን። ብተወሳኺ ካብ ስሩዕ ትምህርቲ ምዕራፍ ማለት ካብ ንኽንማሃርን ትምህርቲ ክሰርጸናን ዝሕግዝ ስሩዕ ባህርያትን ልምድን ምዕራፍ ኣይኮነን።

ተማሃሮ ክንብል እንከለና ካብ ቅድመ ትምህርቲ ክሳብ ኮለጃት ተጸንቢሮም ስሩዕ ትምህርቲ ዝከታተሉ ተማሃሮ የጠቓልል። ስለዚ ዕድመን ደረጃ ትምህርትን ዝፈጥሮ ፍልልይ በበይኑ ዓይነት ክረምታዊ ንጥፈት ከም ዝህልዎ ርዱእ እዩ። ዝበዝሑ ተማሃሮና ኣብ ምዝንጋዕ፡ ክረምታዊ ትምህርትን ስልጠናን ከምኡ'ውን ስራሕ (ስድራ ምሕጋዝ) እዮም ክረምቶም ዘሕልፍዎ። ገለ ተማሃሮ ክረምቲ ብኸመይ የሕልፍዎ ብውልቆም ክመርጹ እንከለዉ ገለ ከኣ ምስ ወለዶም ብዝገብርዎ ልዝብ እዩ ዝውሰን። ካብ ቅድመ ትምህርቲ ክሳብ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ዘለዉ ተማሃሮ ዝበዝሑ ኣብ ምዝንጋዕን ጸወታን ከሕልፍዎ እንከለዉ፣ ካብ ካልኣይ ደረጃ ጀሚሮም ክሳብ ኮለጃት ዝርከቡ ተማሃሮና ግን ክረምቶም ዝያዳ ኣብ ዕቤቶም ከውዕልዎ እዮም ዝረኣዩ። ዝበዝሑ ኣብ ትምህርትን ስልጠናን ገለ ከኣ ኣብ ስራሕ ይጽመዱ። ብዘይካ ዕድመ፡ ቅዲ ኣነባብራን ከባብን'ውን ንኽረምታዊ ዕረፍቲ ተመሃሮ ይውስኖ እዩ። ኣብ ብማሕረስንመጓሰን ዝናበሩ ስድራቤት ዝርከቡ ተማሃሮ ኣብ ግዜ ክረምቲ ንስድራቤቶም ናይ ምሕጋዝ ሓላፍነት ኣሎዎም። ስለዚ ኩሉ ተማሃራይ ኣብ እዋን ክረምቲ ሓደ ዓይነት ተመኵሮ የብሉን። በዚ መንጽር ከኣ ምጅማር ትምህርቲ ዝተፈላለየ ጽልዋን ክብደትን ይህልዎ። ከመይ ዝበለ ተመኵሮ ደኣ'ሞ ንምጅማር ትምህርቲ እወታዊ ጽልዋ ዘሎዎ፧



#### ኣእምሮኣዊ ንጥፈታት

ሓንጎል ሰብ ጭዋዳ እዩ። ጭዋዳ ዝያዳ ግቡእ ብዝተንቀሳቐሰን ዝተወጠረን ዝያዳ ይተርርን ናይ ምጽዋር ዓቕሙ ይድልድልን። ምንቅስቓስ ዘይከካይድ እንተ ጸኒሑና ጭዋዳታትና ይጨባበጥ እዩ። ፈለማ ምንቅስቓስ ኣብ እንገብረሉ ከኣ ቃንዛ (ስትራባ) ይስመዓና። ሓንጎል ከኣ ብተመሳሳሊ ካብ ምንቅስቓስ ደው ምስ ዝብል ናይ ምጭባጥ ተኽእሎ ኣሎዎ። ኣብ ግዜ ክረምቲ ዋላ ድኣ ከምቲ ኣብ ግዜ ሓጋይ ብስሩዕ ትምህርቲ ኣይንማሃር፡ ዝተፈልየ ግን ሓንጎል ዘበራብር ንጥፈታት ክነካይድ ተመራጺ እዩ። ኣእምሮኣዊ ምንቅስቓስ ብዘይ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ጥዕና ስለዘይህብ ክልተኡ ዘንቀሳቕስ ንጥፈታት ክንገብር ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት ስልጠና ካራተ፣ ብተወሳኺ ከም ምንባብ፡ ምጽሓፍ፡ ምቕባእ፡ ቁልዑ ምምሃር፡ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ምድላው፡ ወዘተ ዝኣመሰለ ንጥፈታት እና ኣዛነየ ኣእምሮ ዘንቀሳቕስ ስለዝኾነ፡ ኣእምሮና ካብ ምድስካል የድሕን። ኣእምሮና ክንቀሳቐስ ምስ ዝኸርም ዳግማይ ናብ ትምህርቲ ኣብ እንምለሰሉ ግዜ ብቕልጡፍ ስራሑ ክጅምር ኣይጽግሞን።

#### ስሩዕነት

ኣብ ግዜ ክረምቲ ተማሃሮና ዝገብርዎ ናይ ባህሪ ለውጢ እቲ ብዙሕ ዘይነስተብህለሉ ግን ኣብ ምጅማር ትምህርቲ ካብ ዝብድህ ለውጢ ሓደ እዩ። ተማሃሮ በብእብረ ናይ ቅድሚ ቀትሪ ትምህርቲ ምስ ጀመሩ፣ ብርክት ዝበለ ንጥፈታቶም ብስሩዕ እዩ ዝካየድ። ካብ ድቃስ ዝትንስኡሉ፡ ዝቖርሱሉ፡ ንስድራቤቶም ዝሕግዙሉ፡ ዘጽንዕሉ፡ ዝጻወትሉ፡ ወዘተ። ኣብ ግዜ ክረምቲ ግን እዚ ስሩዕ ኣካይዳ ኣየዘውትርዎን እዮም። ብፍላይ ቈልዑ፡ ዕረፍቲ ማለተ ብዘይ ገደብ ጸወታ ኮይኑ ስለዝስምዖም ብስሩዕ ክትኣልዮም ኣሸገርቲ ይኾኑ እዮም። ወለዲ'ውን ካብ ስሩዕነት ምውጻእ ዘምጽኦ ሳዕቤን ስለ ዘይነስተብህለሉ ዳርጋ ናጻ ኢና እንስዶም። ባህርያት፡ ጥበብ ወይ ልምዲ፡ ንሓደ ንጥፈት ብስሩዕ ምስ ደጋገምናዮ እዩ ዝህነጽ። ንሓደ ብስሩዕ ከነካይዶ ዝጸናሕና እሞ ዘዕበናዮ ባህሪ ወይ ልምዲ ብተደጋጋሚ ምስ ዘይነተግብሮ ከኣ ክርሳዕን ክጠፍእን ግዜ ኣይወስደሉን እዩ። ስሩዕ ንጥፈት ንኣእምሮና ጥራይ ዘይኮነ ንኣካላትና'ውን ሓደ መልክዕ ከም ዝሕዝ ይገብር እዩ። ንኣብነት ብስሩዕ ሰዓት 6፡30 ቅድሚ ቀትሪ ንቑርስ እንተነይርና ኣብታ ሰዓት እቲኣ ጥሜት ክስመዓና ይጅምር። ድሕሪ ገለ እዋን ሰዓት 6፡30 ገዲፍና ሰዓት 10፡00 ብስሩዕ ክንቁርስ ምስ እንጅምር ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ጥሜት ክስመዓና ይጅምር። ስለዚ ተማሃሮና ብስሩዕ ዘካይድዎ ዝነበሩ ንጥፈት ኣብ ግዜ ክረምቲ ምስ ዘይቅጽልዎ ክርስዕዎን ብኻልእ ልምዲ ክትክእዎን ይኽእሉ። ኣብ ግዜ ምጅማር ትምህርቲ ከኣ ነቲ ኣብ ግዜ ክረምቲ ዘዕበይዎ ልምዲ ገዲፎም ከም ብሓድሽ ናይ ሓጋይ ልምዶም ክዕብዩ ግዜ ይወስዱ።

#### ምቕጻል ኣማዕበልቲ ልምድታት

ኣማዕበልቲ ልምድታት ብርክት ዝበሉ'ኳ እንተኾኑ ልዕሊ ኩሉ ኣገዳሲ ዝኾነ ልምዲ ግን 'ንግሆ ምትንሳእ' እዩ። ተማሃሮ ኣብ እዋን ትምህርቲ፡ ናይ ቅድሚ ቀትሪ ምስ ዝኾኑ ብፍላይ ንግሆ ናይ ምትንሳእ ልምዲ የዕብዩ እዮም። እቶም ናይ ድሕሪ ቀትሪ ዝኾኑ'ውን መደባቶም ንምስራዕን እኹል ግዜ ንምርካብን ኢሎም ንግሆ ይትንስኡ እዮም። እዚ ኣገዳሲ ልምዲ ኣብ ግዜ ክረምቲ ኣይቅጸልን እዩ። ወለዲ'ውን ንደቅና "ትምህርቲ ዘይብሎም ድሓን ይደቅሱ፡" እናበልና ንግሆ ክትንስኡ ኣይንሕግዞን ኢና። ንግሆ ምትንሳእ ኣብ ግዜ ትምህርቲ ጥራይ ዘገድስ ልምዲ ኣይኮነን። ተማሃሮና ንግሆ ተንሲኦም፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ኣከባብያዊ ጽሬት፡ ምንባብ፡ ምጽሓፍን ካልእን ንጥፈታት ከካይዱ ይኽእሉ እዮም። ንግሆ ምትንሳእ ብዘይካ እቲ ብብዝሒ እትጥቀመሉ ግዜ ንኽህልወካ ዝሕግዝ ምኳኑ፡ ንብልሕን ተዓጻጻፍነትን ሓንጎል ሓጋዚ እዩ። ተማሃሮና ኣብ ግዜ ክረምቲ'ውን ንግሆ ምስ ዝትንስኡ ትምህርቲ ኣብ ዝጅምረሉ እዋን ነቲ ልምዲ ክቕጽልዎ ኣይሽገሩን። ስለዚ ወለዲ እዚ ልምዲ ክቕጽልዎ ንሓግዝ። ብተወሳኺ፡ ብውጥን ምንዓዝ፡ ምንባብ፡ ወለንታዊ ኣበርክቶ ምግባር፡ ወዘተ ልምዲ ምቕጻል እወታዊ ጽልዋ ኣሎዎ።

ክረምታዊ ዕረፍቲ ተዛዚሙ፡ ትምህርቲ እንጅምረሉ ወርሒ ኢና ዘሎና። ኣብዚ ናይ ምጅማር ግዜ ተማሃሮና፡ ካብ ዝተዛነየ ኵነተ ኣእምሮ ናብ ስሩዕ ንጥፈታት ዘካይድሉ ኵነታት ክሰጋገሩ እንከለዉ ብመጠኑ ክብድሆም ይኽእል እዩ። ስለዚ ወለድን መምህራንን ነዚ ተረዲእና፡ ጉድኒ ጉድኒ'ቲ ንዋታዊ ምድላው፡ ኣእምሮኣውን ኣካዳምያውን ቅድመ ምድላው ክገብሩ ክንሕግዝ ኣገዳሲ እዩ። ብፍላይ ወለዲ፡ ኣቓዲሞም ባህሪኦምን ልምዶምን ክቃንዩ ክንሕግዝ ይግባእ።

ርሑስ ምጅማር ትምህርቲ ይግበረልና!

## ብድሆታት ተመሃሮን ወለድን ኣብ ምጅማር ቅድመ ትምህርቲ

ደቅና ፈለማ መዓልቲ ናብ ቤት ትምህርቲ ምብጻሕ ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ እናበኸዩ ገዲፉናዮ ምኻድን ማዕረ ክንደይ ከቢድ ምዃኑ እቶም ዝፈተንዎ ጥራይ'ዩም ዝርድእዎ። እቲ ጽቡቕ ክፋሉ ቈልዑ ቅልጡፍ ናይ ምርዓም ዓቕሚ ስለዘለዎምን መምህራኖም ኣዝየን ለዋሃትን ክኢላታትን ስለዝኾና ቀልጢፎም እዮም ዝለምድዎ። ፈለማ ምጅማር ትምህርቲ፡ ቈልዑ፡ ካብቲ ኣዝዮም ዘፍቅርዎ ቤቶምን ስድራኦምን ንመጀምርያ እዋን ዝፍለዩሉ ግዜ ስለዝኾነ ንዝበዝሑ ይኸብዶም እዩ። ወለዲ'ውን ብውሽጥና ስለ እንሓብኦ ኢና እምበር ቀሊል ኣይኮነን። ትምህርቲ ናይ ምጅማር ብድሆ ብቕልጡፍ ምስ ዘይፍታሕ ኣብ ኣካዳምያውን ኣእምሮኣውን ዕቤት ቈልዓ ኣሉታዊ ጽልዋ ከስዕብ ይኽእል። ውለዲ'ውን ደቅና ምስ ዝሸገሩ፡ ካብ ኣእምሮኣዊ ሃሰያ ሓራ ኣይንኸውንን። ነዚ መፍትሒ ግን ንምርካብ ጠንቂ ምልላይን ኣቐዲምካ ሜላታት ምዕባይ ይከኣል። ገለ ካብቲ ኣቐዲምና ክነዕብየሎም ዝግበኣና ሜላታት፤

#### ርእሶም ክኽእሉዩ ምምልማል

ኣብ ገዛና ንደቅና ንሕግዞ ዘሎና መሲሉና ኩሉ ነገር ባዕልና ክንገብረሎም ኢና እንፍትን። ብፍላይ ኣደታት "ከየበላሹ፡" "ክዳኑ ከይጽየቑ፡" "ከይወድቑ፡"... እናበልና ደቅና ዳርጋ ናብ ከስዕና ክንመልሶም ኢና እንደሊ። እዚ ክቱር ናይ ምንክብኻብን ምእላይን ልምዲ'ዚ፡ ደቅና ኣባና ጽግዕታኛነት ከም ዘዕብዩ እዩ ዝገብር። ኣብ ምጅማር ትምህርቲ ከኣ ሓደ ካብቲ በዳሂ ባህሪ ይኸውን። ስለዚ ደቅና ዝኽእልዎ ነገር ክገብሩ፡ ዘይክእልዎ ከኣ ክንሕግዞም እምበር ምሉእ ብምሉእ ናትና ተኣለየቲ ክንገብሮ ኣይግባእን።

#### ሓሳቦምን ስምዒቶምን ክገልጹ ምሕጋዝ

ደቅና ትምህርቲ ምስ ጀመሩ፡ ምስ ዘይፈልጥዎም መምህራንን መማህርትን እዮም ግዜ ከሕልፉ። ስለዚ ብኸመይ ሓሳቦምን ስምዒቶም ይገልጹ ክንምህሮም የድሊ። እሩም ቋንቋ ናይ ምጥቃም፡ ምሉእ ሓሳባት ናይ ምምስራት፡ ናይ ምስማዕን ምዝራብን ክእለትን ካልእ ናይ ምብህሃል ጥበብን ብዓቕሞም ከዕብዩ ክንሕግ የድሊ። ኣብ ዝበዝሐ እዋን ሓሳቡ ብግቡእ ክገልጽ ዘጽገም ቈልዓ ምብካይ ከም ኣማራጺ ስለዝወስዱ፡ ኣብ ዝበኽየሉ ግዜ ብኽያት ገዲፉ ብቓላት ክገልጽ ምትብባዕ። መዓልታዊ ኣብ ትምህርቲ እንታይ ገይሮም፡ እንታይ ከቢድዎምን ፈትዮምን ምሕታይ ከኣ ንናይ ምብህሃልን ሓሳብካን ስምዒትካን ናይ ምግላጽ ዓቕሞም ስለ ዘዕቢ ኣዘውቲርና ምሕታት ኣይንጽላእ ድኣ።

#### ጌጋኦም ክቕበሉን ይቕሬታ ክሓቱን ምዝኽኻር

ብዓይኒ ወላዲ ኩሉ ውሉድ ኣበር ኣልቦ እዩ። መብዛሕትና ወለዲ'ውን ኣበር ደቅና ክንቅበል ይኸብደና እዩ። ጌጋ ግን መናብርትና እዩ። ስለዚ ደቅና ክጋገዩ ከም ዝኽእሉ ክንኣምንን፡ ኣብ ዝጋገይዎ ግዜ ከኣ ብልዙብ ኣገባብ ክነረድኦም የድሊ። ጌጋ ዋላ ድኣ ንቡር ይኹን፡ ብተደጋጋሚ ተመሳሳሊ ጌጋ ከይፍጽሙ ካብ ጌጋኦም ክም ዝመሃሩ ክነረጋግጽ የድሊ። ብዓቢኡ ከኣ ኣብ ዝብድሉሉ ግዜ ብዝግባእ ይቕሬታ ክሓቱ ከነዘኻኽሮ የድሊ። ከምዚ ዝበለ ልምድታት ካብ ወለዶም ዝያዳ ስለዝመሃሮዎ ወለድን ካልእ ኣባል ስድራን ብኣብነት ክምህሮም ተመራጺ ይኸውን።

ቅድመ ትምህርቲ ኣገዳሲ ደረጃ ናይ ትምህርቲ እዩ። ቈልዑ፡ ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ከምኡ ብልሓዊ ወይ ኣካዳምያዊ ዓቕሞም መሰረት ዘንጽፉሉ ደረጃ ትምህርቲ እዩ። ስለዚ ኣብዚ ኣገዳሲ ደረጃ ትምህርትን ህይወትን ብዓወት ክፍልሙ ወለዲ ዓቢ ተራ ክንጻወት የድሊ።

# ስፖርት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ምምሕዳራዊ ክፍልታት ኣብ ሓያል ውድድራት

### ሜላት መድሃኔ - ብዒልቲ ውዕለት ሓሊበት

ስፖርታዊ ውድድራት ምምሕዳራዊ ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ናይ ቀዳማይ ዙርያ ግጥማቱ ናብ ምዝዛም ገጹ ኣብ ዘምርሓሉ ዘሎ እዋን፡ ረቡዕን ሓሙስን ዝተሰላሰለ ውድድራት ኩዕሶ መርበብ ክልተኡ ጾታ ከምኡ'ውን ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ እዚ ዝስዕብ ወጽኢት ተረኺቡዎ ኣሎ።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ብሰሉይ ምስ ብሉጽ ጸወታኣ ብኣቡሓ ዝተሳዕረት ዒታሮ፡ ምስታ ኣብ ጸቡቕ ቁመና ዘላ ሃምባል ተራኺቡ። ኣብዚ'ውን ክቓንዓ ኣይከኣለን ብገፊሕ ወጽኢት 3-ብ0 ተሳዒራ። ሳብር ነታ ንመትሃን ኽሳሽን ሓብሬታን ብምውላል ንምኩራት ገዳይም ተጻወትቲ ዝሓቖፈት ዋልታ'ያ ገጢማታ። ኣብ ሰለስተ እብረ ጸወታ ኣከታቲላ ብምዕዋት ድማ፡ ንጸወታ 3-ብ0 መኽተምታ ጌራትሉ።

ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ብረብዑ ሓያል ምውድዳር ኣብ ዝርኣየሉ ግዜ፡ ብዘፍብ ዝተሰዐ ጸወታ'የን ኣካይደን። ሳብር ምስ መራሒት ናይዚ ውድድር ዋልታ ኣብ ዘበረቶ ግጥም ኣብ ራብዓይ ደቒቕ ካብ ሩታ ሙሴ ሹቶ ረኺባ'ኳ መራሕነት ሒዛ እንተ ነበረት፡ ዋልታ ካብ ዳናይት ፍጹም



ሓለቓ ጋንታ ሓለቡት ሜላት መድሃኔ

እተመዓራረ ሹቶ ብምርካብ ናብ ዕረፍቲ 1-ብ1 ኣምሪሐን።

ድሕሪ ዕረፍቲ ዋልታ ብተደጋጋሚ ጸቕጢ ክፈጥራ'ኳ እንተ ተራእያ፡ ድልዱል መስመር ምክልኻል ሳብር ግን ዝሕለፍ ኣይነበረን። ሳብር ውዱኣት ኮዳሰኡ ክተምክን፡ ዋልታ ክተጥቅዕ ጸወታ 50 ደቒቕ ምስ በጽሐ፡ ብጺጋማይ ወገን ዝተቐልዐት ኩዕሶ ኣብ ክሊ ልዳት ሳብር ሕልኽልኽ ክትብል ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣድያም ኣቶብርሃን ናብ ሹቶ ብምቕያር፡ ዋልታ 2-ብ1 ተዓዊታ ብምውጻእ መራሕነታ ዓቂባ።

ሰዓብን እታ ብሰሉይ ምስ ዒታሮ ማዕረ ዝተፈላለየት ሓለቡት ምስታ ብዓራግ ብጸቢብ ወጽኢት ዝተሳዕረት ሃምባል'የን ተራኺበን። ሓለቡት ናይ ቀዳማይ ዙርያ ግጥማ ትዛዝመሉ እዩ ነይሩ። ግጥም ናይዘን ጋንታታት ብመጠኑ ዝሕል ዝበለ ኮይኑ፡ ሓለቡት ኣብ መበል 15 ደቒቕ ካብ የማናይ ማእዘን ዝረኸበታ ኩዕሶ፡ ሜላት መድሃኔ (ወዲ) ንሓላዊት ልዳት ሃምባል ኣሸኪዓ ብምሕላፍ ብዘይ ተቓጻጺ ምስ ሰኪዓት ኣራኺበታ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ሃምባላውያን ንወጽኢት ከመዓራርያ'ኳ እንተ ጸዓራ ክሰልጠን ኣይከኣለን። እቲ ግጥም ድማ ብዓወት ዋልታ 1-ብ0 ተዛዚሙ።

ሓለቓ ጋንታ ሓለቡት ሜላት መድሃኔ ብሸሞንተ ሹቶታት ንውድድራት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ትቕልሶ ኣላ። ብሰሉይን ሰለሰን ካብ ዝተኻየዱ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ተባዕትዮ ኣቡሓ ንዒታሮ፡ ሃምባል ንዓራግ ብተመሳሳሊ ወጽኢት 3-ብ2 ክስዕረአን እንከለዋ፡ ደቂ ኣንስትዮ ሳብር ንሓለቡት ዒታሮ ንሃምባል 2-ብ0 ሰዒረንአን።

## "እንግሊዝ ንቕዲ ጸወታ ሰጻኛ ብምድጋም ንሰጻኛ ደው ክትብላ ኣይግባእን" ገርደን



እንግሊዛዊ ኣጥቃዓይ ባርሰሎና ኣንቶኒ ጎርደን ሃገሩ ኣብ ኩሉ ኣህጉራዊ ውድድራት ንቕዲን ኣካይዳን ሃገራዊት ጋንታ ሰጻኛ ከይደገመት፡ ዓብይቲ ውድድራት ብዘይ ዝኾነ ጸገም ክትዕወት ከምትኽእል ተዛሪቡ።

ንሱ ከምዚ ዝበለ ዘሎ ሃገሩ እንግሊዝ ንግጥማት ነሽነስ ሊግን ካልኦት ዓብይቲ ዋናጩን ንምዕዋት ኣንቂዳ ኣብ ዘላትሉ ግዜን ሰለስተ ኣናብስ ቀዳም 26 መስከረም ምስ ሻምፕዮን ዓለም ሰጻኛ ክትገጥም ኣብ ትዳለወሉ ዘላ እዋንን እዩ።

እንግሊዝ ድሕሪ 1966 ዝበለጸ ደረጃ ሒዛ ዝዘዘመትሉ ዋንጫ ዓለም 2026 ዝያዳ ድፍኢት ምኳኑ ዝጠቐሰ ጎርደን ሃገሩ ምስ ሰጻኛ ንእተካይዶ ጸወታ፡ ብመንጽርቲ ንሶም ዝጥቀሙሉ ኣካይዳ ክትከይድ ምፍታን ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ከም ዝበዝሕ ኣሚኑ።

ንሱ ወሲኹ፡ "ንኻልኦት ሃገራት ክንጥምትን ነዐኣን ክንመስልን ንጽዕረሉ ኣቡት ኣይረኣየንን እዩ። ንሕና እንግሊዛውያን ኢና። እዚ ክሳብ ዝኾነ ድማ እንግሊዛውያን ንልለየሉ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዘየለ ሓይሊ ኣለና። ስለዚ በቲ ዘለና ጸቡቕ ሸነኽ ክንጻወት ምስ ንፍትን ዘይንዕወተሉ ምኽንያት ኣይረኣየንን" ክብል ትማሊ ሓሙስ ኣብ ዝሃበቦ ጋዜጣዊ መግለጺ ሓቢሩ።

"ምስዚ ሃገራዊት ጋንታ ተጠርኒናም ዘለዉ ተጻወትቲ ብኩልንትናኦም ብሉጻትን ብቑዓትን እዮም። ኣብ ዝሓለፈ እዋን ንዝተሰዓርናሉ ግጥም እናጠቐስካ ክትነኣእስ ግቡእ ኣይኮነን። እቲ ዘገድስ ኣብዚ ግዜዚ ሃገራዊት ጋንታና ወኒናቶ ዘላ ደረጃ ብቑዓት እዩ" ዝበለ ጎርደን ንቕዲ ሰጻኛ በቲ ንሳ ትመልኮ ኣጻዋውታ ደው ኩበልዎ ከም ዘለዎም ርእይቶ ዝቐርበ ዘለዉ ወገናት ዝቃወምን ንቱቸል ዝድግፍን መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ።

ኣብዚ ክረምቲ ብ69 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ባርሰሎና ዝተጸንበረ ጎርደን እንግሊዛውያን ተጻወትቲ ከም ሰጻኛውያን ክጻወቱን ካብኦም ክምሃሩን ከም ዘይድግፎ'ኳ እንተ ገለጸ፡ ብኣጻዋውታ ሰጻኛውያን ከም ዝተመሰጠ ግና ኣይሓብኣን። ይኹን እምበር፡ "ዝተሓላለኸ" ክብል ንዝጠቐሶ ቅዲ ጸወታ ናይታ ሃገራዊት ጋንታ፡ ብቐሊሉ ዝድገም ዘይምኳኑ ኣረዲኡ። ኣብ መወዳእታ ድማ እንግሊዝ ንእንግሊዝ ጥራይ ክትመስል ከም ዘለዋ ኣተሓሳሰበ።

## ዩናይትድ ዕዳኣ ንምቕላል ጥቃም መንጸፍ ናብ ዕዳጋ ኣውሪዳ

እንግሊዛዊት ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ ንዝሓለፈ እዋን ተዓቂቡ ናይ ዘጸንሐ መንጸፍ ሜዳ ኦልድትራፎርድ ናብ ዕዳጋ ብምውራድ ንሓፈሻ ወከፍ 7x7 ሰንቲ ሜተር ብ125 ፓውንድ ትሸይጥ ምህላዋ ተሓቢሩ።

እዚ ንሜዳ ኦልድትራፎርድ ሸፊኑ ዝነበረ ኣብ መዓልቲ ዝወዓለ መንጸፍ ናይ ምሻጥ ተበግሶ፡ ሓፈሻዊ ዕዳ ናይታ ጋንታ ልዕሊ ሓደ ቢልዮን ፓውንድ ከም ዝበጽሐ ኣብ ዝተገለጸሉ እዋን ኮይኑ፡ ድሮ'ውን እቲ ቀዳማይ ንመሸጣ ዝወረደ ክፋል ናይቲ ሜዳ ምሉእ ብምሉእ ተሸይጡ ምህላዉ ተቓሊሑ።

ዩናይትድ ኣብ 2025-2026 መጠን ኣታዊታታ ናብ 677.6 ሚልዮን ፓውንድ ክበ ብምባል 22.6 ሚልዮን ፓውንድ መኽሰብ'ኳ ክትረክብ እንተ ኽኣለት፡ ቅድሚ ግብሪ ምኽፋላ ኣስታት 43 ሚልዮን ፓውንድ ክሳራ ስለ ዘጋጠማ'ያ ዚ ናይ





መሸጣ ተበግሶ ክትወስድ ትግደድ ዘሎ።

13 ግዜ ሻምፕዮን ፕሪምየር ሊግ ዝኾነት ዩናይትድ፡ ሓድሽ ስታድዮም ንምህናጽ ዝዓደገቶ ዋጋ 63.5 ሚልዮን ፓውንድ መሬት፡ ንሓፈሻዊ ዕወኣታት ናይ'ታ ጋንታ ናብ ልዕሊ ክልተ ቢልዮን ከዕርጎ ከምዘኽእል ይንገር።

ዩናይትድ፡ ኣብዚ ክረምቲ ድሕሪ 14 ዓመታት ንፈለማ ግዜ ውሕስነት ተጻወትቲ ንምርግጋጽን ማስመር ፈሲሲ ማይ ንምምሕያሽን ንመንጸፍ ኦልድትራፎርድ ብሓድሽ ከምዝተክኣቶ ይፍለጥ። ይኹን እምበር ነቲ ኣረጊት ናይ ሳዕሪ መንጸፍ ኣብ ክንዲ እትድርብዮ፡ "ዋጋ ዘይብሉ መዘከርታ" ክትብል ዝሰመየቶ ሓሳብ ብምቕራብ ደገፍቲ ክገዝእዎ መደብ ከም ዝሃለወት ይንገር።

## ናሆም፡ ሎሚ ኣብ ሻምፕዮን ዓለም ክጻወት እዩ





ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ኣብቲ ኣብ ካናዳ ሞንትርያል ብናይ ግዜ ውድድራቱ ፈለሙ ዘሎ ናይ ጽርግያ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም ዝሳተፉ ተቐዳደምቲ ኣፍሊጣ።

ሃገራዊት ጋንታ ኣብ ዓበይቲ ኢሊት ደቂ ተባዕትዮ በኒያም ግርማይ፡ መርሃዊ ቅዱስ ከምኡ'ውን ሄኖክ ምልእብርሃን ክተሳትፍ እንከላ፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ብተቐዳዳሚት ሞናሊዛ ኣርኣያ ውድድራ ክተሰላስል እያ።

ኣብዚ ሎሚ ዓርቢ 174.2 ኪሎ ሜተር ዝሸፍን ናይ ጽርግያ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ፡ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ደቂ ተባዕትዮ ብናህም ኤፍሬም ክትውከል እያ።

ሎሚ ዓመት ናብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ዝተሰጋገረ ናህም ኤፍሬም፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ሩዋንዳ ኣብ ናይ ጁኒየር (ማእከሎት) ኣብ ዝተኻየደ ናይ ጽርግያ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም መበል 11 ደረጃ ሒዙ ምዝዛሙ ይዝከር።

ክልተ ግዜ ኣከታቲሉ ሻምፕዮን ዓለም ዝኾነ ታደይ ፖጋቻ፡ ብሰንኪ መጉዳእቲ ኣብዚ ውድድር ኣይክሳተፍን እዩ። እዚ ይኹን እምበር ብሉጻት ተቐዳደምቲ ከም ብዓል ቶም ፒደኮክ፡ ኣይዛክ ደል ተሮን ሬምኮ ኢቨነፖልን ዝኣመሰሉ ተቐዳደምቲ ምስ ኣብኦት ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ኣብ ርሱን ግጥማት ክጽመዱ እዮም። በዚ ኣጋጣሚ ንኹሎም ተቐዳደምትና ጸቡቕ ዕድል ንምኒ።

## ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ስልጠና ኣሰልጣንነት ኩዕሶ እግሪ ልቸንሳ 'D' ሂቡ



ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ምስ ፈደረሽን ኩዕሶ እግርን ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብምውህሃድ ንመማህራን ኣካላዊ ብቕዓት ስልጠና ኣሰልጣንነት ሊቸንሳ 'D' ኣብ ኣስመራ ሂቡ።

እቲ ካብ 14 ክሳብ 19 መስከረም 2026 ዝተዋህበ ናይ ስልጠና መደብ፡ ሓንቲ ጓለንስተይቲ እተርከበቶም ሰላሳ መማህራን ስፖርት ተሳቲፎም። እቲ ብኽልሰ ሓሳብን ግብርን ኽህዳናት ዘማእከለ ስትራተጂ ስልጠና ኩዕሶ እግሪ፡ ኣብ ኣሰራርዓ መደብ ልምምድ (session planning)፡ ደረጃን ምዕባለን ተጻወትቲ ቀዳምነት ሂቦ ምስልጣን (player pathway)፡ ኣሰልጣኒ ክማልኦም ዘለዎም ፍልጠት፡ ባህርን ካልኦትን ኣርእስትታት ዘተኮረ ነይሩ።

ኣብ መዛዘሚ መደብ ናይቲ ስልጠና፡ ምክትል ፕረዚደንት ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ተስፋሚካኤል ብርሃን ኣቦመንበር ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ መም/ኣርንን ኣብ ዘስመዕዎ ቃል፡ ሰልጠንቲ ነቲ ዝቐሰምዎ ሞያ ኣብ ናይ ስራሕ ንጥፈታቶም ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ኣብያተ ትምህርቲ ንምሕያል ኣብ ዝቐደ ዕማም ብዘለዓለ ክሰርሑሉ ተላቢዮም።

ወከል ሰልጠንቲ ብወገኑ ንዝተዋህበም ዕድል ብምምስጋን፡ እቲ ዝቐሰምዎ ስልጠና ንዝጸንሖም ደናት ኣፍልጦ ክብ ከም ዘበሎ ብምጥቃስ፡ ብዝበዝሕን ዓይነትን ተካእቲ ስፖርታውያን ንምፍራይ ዝህልዎ ተራ ልዑል ብምኳኑ ኣበርቲዖም ከም ዝሰርሑሉ ገሊጾም። እቲ ብኢንስትራክተራት ዳንኤል የውንስ፡ ኣለምሰገድ ኤፍሬምን እስቲፋኖስ ኣሰፋውን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ዓቕሚ ሞያውያን ኣብ ምስሳን ዘለዎ ግደ ልዑል ብምኳኑ፡ ንቐጻሊ ብዝበለጸ ክሰርሓሉ ወከል ሰልጠንቲ ኣተሓሳሰበ።

ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምውህሃድ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኑሓሰ ንመማህራን ንኣካላዊ ብቕዓት ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ተመሳሳሊ ስልጠና ኣሰልጣንነት ልቸንሳ 'D' ሂቡ ምንባሩ ዝዝከር እዩ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ ኔሽንስ ሊግ**

ጆርጂያ- ሶሜን ኣየርላንድ 7:00 ድ.ቀ
ኣርሜኒያ - ላቲቪያ 7:00 ድ.ቀ
ሽወደን - ሮማንያ 9:45 ድ.ቀ
ሞንተኔግሮ - ሳይፕሩስ 9:45 ድ.ቀ
ሃንጋሪ - ዩክሬን 9:45 ድ.ቀ
ጥልያን - በልጅም 9:45 ድ.ቀ
ቱርኪ - ፈረንሳ 9:45 ድ.ቀ
ፖላንድ - ቦዝንያ ሀርዘጎቪንያ 9:45 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## መራሕቲ ኣመሪካን ቻይናን ተራኺቦም ዘትዮም


ፕረዚደንት ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ሺ ጂንፒንግን ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ኣብ ምምዕባል ኩሉ መዳያዊ ዝምድና ሃገራቶም ኣተኩሮም ከም ዝዘተዩ ተሓቢሩ።

እቲ ዘርርብ፡ ፕረዚደንት ሺ ናይ ሰለስተ መዓልታት ወግዓዊ ዑደት ንምፍጻም፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ናብ ኣመሪካ ድሕሪ ምእታዉ እዩ ተኻይዱ።

ንፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ ምዕሩግ ኣቀባብላ ዝገበረሉ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ እቲ ዑደት፡ ዝምድና ክልተኣን ሃገራት ንምምሕያሽ ሓድሽ ምዕራፍ ከም ዝኸፈተ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ሎሚ ክዘዙም ምኽኑ ዝገለጽ ዘሎ ዑደት፡ ፕረዚደንት ሺ፡ ኣብ ምምዕባል ንግዳዊ፡ ቴክኖሎጂያውን ካልእ ጽላታትን ዘተኮረ ስምምዕ ክፈራረም ትጽቢት ይግበር።

ዓለማውን ዞባውን፡ ብፍንዱ ድማ



ጉዳይ ዞባ ማእከላይ ምብራቕን ኩናት ዩክሬንን እውን፡ ክልተኦም መራሕቲ ኣብ ርክቦም ካብ ዘልዓልዎም ኣጀንዳታት ምኻኖም ተፈሊጡ ኣሎ።

ፕረዚደንት ሺ፡ ናብ ኣመሪካ ወግዓዊ ምብጻሕ ክፍጽም፡ ድሕሪ 2015 ንፈለማ እዋን ምኻኑ፡ ጸብጻባት የረድኡ።

ክልተኦም መራሕቲ፡ ኣብ ዝሓለፈ ግንቦት ኣብ ከተማ በይጂን - ቻይና ተራኺቦም፡ ኣብ ተመሳሳሊ ኣርእስታት ተዘራሪቦም ምንባሮም ይዝከር።

## ኢራን፡ ብኣመሪካ ከም ዘይትንበርከኽ ኣነጺራ

ፕረዚደንት ኢራን ማስዑድ ፐዘሽኪያን፡ ኣብቲ ኣብ ከተማ ኒዮርክ ዝካየድ ዘሎ ሓፈሻዊ ኣኼባ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘስመዖ



መደረ፡ ኩናት ኢራን ብዲፕሎማሲያዊ መንገዲ ደኣ'ምበር፡ ሃገሩ ኣብ ትሕቲ ኣመሪካ ብምንብርካኽ ደው ዝብል ከም ዘይኮነ ኣነጺሩ።

መግለጺ ፕረዚደንት ፐዘሽኪያን፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኩናት ኢራን ብዘርርብ ደው ክብል እንተ ዘይክኢሉ፡ ንጣህራን ክድምስሳ ምኽኑ ዝሓለፈ ሰሉስ ድሕሪ ምጥንቃቑ ድሕሪ ሓደ መዓልቲ እዩ ዘውሃበ ዘሎ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ወሲኹ፡ ኢራን ኣብ ስምምዕ ክሳብ እትበጽሕ፡ ካልኦት ሃገራት ዓለም ኣብ ልዕሊ እታ ሃገር ናይ ቁጠባ ማዕቀብ ክጽድቃ ምጽዋዑ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ፐዘሽኪያን ድማ ኣብ መደረኡ ወሲኹ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝጸድቕ ዘሎ እገዳታት፡ ዝግበር ዘሎ ተደጋጋሚ ምፍርራሕን ጸቕጥን፡ ንተጻዋርነትን ጽንዓትን ህዝቢ ኢራን መሊሱ ዘተርንዕ ምኽኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ሃገሩ ንኹለን መቕናቕንታ ዝኾና ሃገራት ርእሳ ከም ዘይተድንነለንን ብርካ ከም ዘይትዓጽፈለንን ኣስሚሩሉ።

ንሱ ወሲኹ፡ ሃገሩ ግዳይ ግብረ ሽበራዊ ተግባራት ከም ዝኾነት ብምግላጽ፡ መጻብቦ ሆርሙዝ ክሳብ መጥቃዕትታት ኣመሪካ ደው ዘይበለ ከም ዘይክፈት ኣፍሊጡ።

ጎድኒ ጎድኒ እቲ ኣኼባ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ዒራቕቺን ፍሉይ ልኡኽ ፕረዚደንት ትራምፕ ስቲቭ ዊትኮፍን እውን ንሰለስተ ሰዓታት ዝኣክል 'ሃናጺ' ዝበልዎ ዘርርብ ከም ዘካየዱ ተሓቢሩ።

ኣፈኛ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን እስማኤል ባጋኢ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ቡቶም ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ዝተኻየደ ዘርርብ፡ ኩናት ኢራን ብዘይካ ብዘተ ብኻልእ መንገዲ ደው ክብል ከም ዘይክእልን፡ ሃገሩ ኣቕሪባቶም ዝነበረት ቅድመ ኩነታዊ ነጥብታት እውን ከም ዘይተቐየሩን ንምንጻር ዝዓለመ ምኽኑ ኣፍሊጡ።

## ፖላንድ - ብመጥቃዕቲ ስሕለት ኣርባዕተ ሰባት ቀሲሎም

ኣብ ከተማ ቭሮስላው - ፖላንድ፡ ኣብ ቀጽሪ በኔዲክቶስ ዝተባህለ ገዳም ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ስሕለት፡ ሓደ ሰብ ከመውት እንከሎ ካልኦት ኣርባዕተ ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ማዕከናት ዜና ናይታ ሃገር ሓቢረን።

ድሕሪ እቲ ኣብቲ ገዳም ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ወዲ 31 ዓመት ዩክሬናዊ ጥርጡር ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዝኣተወ'ውን፡ ፖሊስ ናይታ ከተማ ገሊጹ።

እቲ ጥርጡር ነቲ መጥቃዕቲ ክካይድ ዝደረኾ ምኽንያት ግና እንታይ ምኻኑ ፖሊስ ኣይሓበረን ዘሎ።



ሓንቲ ኣባል ናይቲ ገዳም፡ "ቡቲ መጥቃዕቲ ሓደ ካህን ዓሪፎም ኣለዉ። ካልእ ተወሳኺ ዝርዝር ሓበሬታ ግን የብልናን" ክትብል ገሊጻ'ላ።

## ሩስያ፡ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን መጥቃዕቲ ተካይድ

ትማሊ ሓሙስ፡ ፈደረሽን ሩስያ ኣብ ዩክሬን ብዘካየደቶ መጥቃዕቲ ሚሳይል ብውሑዱ ሸሞንተ ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 22 ሰባት ከኣ ከም ዝቖሰሉ፡ ሰብ መዚ ዩክሬን ሓቢሮም።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ኣመሪካ ኩናት ዩክሬን ደው ንምባል ዲፕሎማሲያዊ ጻዕርታት ኣብ እተሐይለሉ ዘላ እዋን እዩ ተፈጺሙ።

ሓይሊ ኣየር ዩክሬን፡ እቲ ኣብ ሰዓታት ለይቲ ብሚሳይላትን ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ንከተማታት ኪየቭን ኦዴሳን ዒላማ ዝገበረ ምንባሩ




ኣመልኪቱ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ ብወገኑ፡ እቲ መጥቃዕቲ ንወተሃደራዊ ቦታታትን መራኽብን፡ ከምኡ'ውን ንማእከላት ሎጂስቲክስን መራኸቢታትን ዩክሬን ዒላማ ዝገበረ ምንባሩ ኣነጺሩ።

ዝሓለፈ ረቡዕ፡ ጎድኒ ጎድኒ እቲ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ዝካየድ ዘሎ ሓፈሻዊ ኣኼባ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ኣመሪካ ምስ ሰበ ስልጣን ሩስያን ዩክሬንን ተራኺቦም ኣብ ጉዳይ ኩናት ዩክሬን ምዝታዮም ተፈሊጡ ኣሎ።

ውጽኢት ናይቲ ዘርርብ'ኳ ብወግዒ እንተዘይተሓበረ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ንፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ኣብቲ ዝመጽእ 14 ታሕሳስ ኣብ ፍሎሪዳ ዝካየድ ኣኼባ ሃገራት ጉጅለ 20 ክሳተፍ ዓዲምዎ ምህላዉ ግን ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣህጉራዊ ባንክ ወፍሪን ባንክ ዳግመ ህንጻትን ልምዓትን ኤውሮጳን ኣብ ዝዘርግሕዎ ጸብጻብ ድማ፡ ቁጠባ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት፡ ብሰንኪ ኩናት ዩክሬን ይዝሕትል ከም ዘሎ ገሊጾም።

## ግብጺ፡ ግሪኽን ቆጵሮስን ወተሃደራዊ ዝምድናኦን ከደንፍዓ ተሰማሚዐን



ሚኒስትራት ምክልኻል ግብጺ፡ ግሪኽን ቆጵሮስን ኣብ ከተማ ካይሮ ብምርኻበ፡ ወተሃደራውን ጸጥታውን ምትሕብባር ሰለስቲአን ሃገራት ንምድልዳል ከም እተሰማምዓ፡ ሰበ ስልጣን ግብጺ ሓቢሮም።

ሚኒስተር ምክልኻል ግብጺ፡ እቲ ወተሃደራዊ ምትሕብባር ንሰለስቲአን ሃገራት ዘርብሕ ምኻኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ጸጥታን ምርግጋእን ምብራቓዊ ማእከላይ ባሕሪ'ውን እወታዊ ግደ ከም ዘህልዎ ኣነጺሩ።

ሚኒስተር ምክልኻል ቆጵሮስ ቫሲሊስ ፓልማስ ብወገኑ፡ እቲ ዝተኻየደ ዘርርብ፡ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ምጀማር ናይዛ ወርሒ እዚኣ ብመራሕቲ ሰለስቲአን ሃገራት ኣብ ግብጺ ዝተኻየደ ርክብ ምኻኑ ብምግላጽ፡ ኣብቲ ዞባ ዘሎ ተለዋዋጢ ብድሆታት ንምግጣም፡ ወተሃደራዊ ምትሕብባር ክህሉ ኣገዳሲ ምኻኑ ኣገንዚቡ።

ግብጺ፡ ግሪኽን ቆጵሮስን ኣብ ጽላታት ፖለቲካ፡ ቁጠባን ጸጥታን ከም ዝተሓባበራ ይንገረለን።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሓድሽ ዘመን | 25/9/26 | ጎደና ናቕፋ ቁ.223 ፊጥቓ እንዳ ማርያም ጥቓ ባራ ትራስተለ | 122798 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services